ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.90 | ቀዳም 14 ታሕሳስ 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
ፍቕሪ ማዕዶ!



ገጽ 4
ምሕደራ ተኽሊ ዘይቱን



ገጽ 5
ባህርያዊ ፍወሳ ጸቕጢ ኣእምሮ [2]



ገጽ 6
ጽውጽዋያት መለኮታዊ ስርወ-ንግስነት




ገጽ 11
ስፐር ዲቪዥን ‘ኤ’ ቀጺሉ



# ልኡኽ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ተመኩሮ ኤርትራ ኣብ ምምካት ምድረ-በዳነት ኣካፊሉ



ካብ 2 ታሕሳስ ጀሚሩ ኣብ ሪያድ - ንጉስነት ስዑዲያ ዝቃናዕ ዘሎ መበል 16 ዋዕላ ኣባል ሕቡራት ሃገራት ንምምካት ምድረበዳነት ዝሳተፍ ዘሎ፡ ብዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስተንሽን ኣቶ ሰመረ ኣምለሶም ዝተመርሐ ልኡኽ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ተመኩሮ ኤርትራ ኣብ ምምካት ምድረበዳነት፡ ምድኻይ መሬትን ደርቅን ኣካፊሉ።

ኣብ’ቲ ብ11 ታሕሳስ ዝተኻየደን ፈጻሚት ጉዳያት ኢምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዑዲያ ወ/ሮ ወይኒ ገረዝጊሄር ዝተረኽበትሉን ጉድናዊ ዓውደዘተ፡ ልኡኽ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኤርትራ ብዘለዋ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣን ቅርጺ መሬትን፡ ንምድኻይ መሬትን ደርቅን እተቃልዕ ምዃና ብኣሃዝ ዝተሰነየ ሓበሬታ ድሕሪ ምቕራብ፡ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ነዚ ንምብዳህ ዘካይድዎ ዘለዉ ንጥፈታት ሕወየት መሬት ብቐጻሊ ከም ዝካየዱ ገሊጹ።

ንጥፈታት ምምካት ምድረበዳነት፡ ምድኻይ መሬትን ደርቅን ግና፡ ከም ሃገራዊ ንጥፈታት፡ ወሃዱ ኣህጉራዊ ዞባውን ጉድቦኣውን ተበግሶታት ከም ዘድሊ ዝጠቐሰ እቲ ልኡኽ፡ ኤርትራ ነዚ ጉዳይ ድሮ ብንጥፈት ትዋሰኣሉ ምህላዋ፡ ኣብ መጻኢ’ውን ኣብ ተመሳሳሊ ጸምዶታት ክትሳተፍ ቅሩብቲ ከም ዝኾነት ኣብሪሁ።

ብዘይካዚ፡ ኤርትራ ኣብ ባይታ ዘለዋ ብደሆታትን ዕድላትን ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ህንጻት ከዝንቲ ማይ፡ ከምኡ’ውን ኣብ ትግበራ ወለንታዊ መብጽዓ ምግታእ ምድኻይ መሬት ዘመዝገበቶ ዓወታትን ዘለዋ ናይ መጻኢ መደባትን ብዝርዝር ኣቕሪቡ።

ኣብ ርእሲ’ቲ ኣቐዲሙ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ስትራተጂታት፡ ካብ 2024 ክሳብ 2028 ዝቐጽል፡ “ውሑስን መኣዝውን መግቢ ንኹሉ ኣብ ኩሉ” ብዝብል መርሓ ጉድና፡ ሓድሽ ስትራተጅያዊ ውጥን ተበጊሱ ከም ዘሎ ዝጠቐሰ እቲ ልኡኽ፡ ኣብ መላእ ሃገር ብሓፈሻ፡ ነቲ ኣብ ሓወሲ ኣጸምእ ዝርከብ ሕብረተሰብ ድማ ብፍሉይ ዘገልግል፡ “ንኡስን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ” ዝብል፡ ድሮ ግብራውን ወጽኢታውን ኮይኑ ዘሎ ስትራተጂ ወህ-ድ ልምዓት ዘራእትን ኣሕምልትን ይሰርሓሉ ከም ዘሎ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ነቲ ብቪድዮ ዝተሰነየ መግለጺታት ድሕሪ ምክትታል፡ ኣብ ኩነታት ስሩዓ ተርእዮታት ደርቂ ተሳትፎ ሓረስቶት፡ ደቂኣንስትዮን መንእሰያትን ኣብ ሕርሻዊ መደባት፣ ዞባዊ ወህደት መደባት ምምካት ምድረበዳነት፡ ደርቅን ምድኻይ መሬትን ካልእን ዝተኮረ ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ሰሩዕ ሓፈሻዊ ጉባኤታት፡ ከምኡ’ውን ጉድናዊ ኣኼባታት፡ ርክባትን ምርኢታትን ዋዕላ ምምካት ምድረበዳነት ይሳተፍ ከም ዘሎ፡ ህዝባዊ ርክባት ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣፍሊጡ።

# ባጽዕ - ጨንፈር ውዳበታት ሰራሕተኛታት ጉባኤኡ ኣቃኒዑ

ጨንፈር ውዳበታት ሲቪል ሰራሕተኛታት ከተማ ባጽዕ ብ9 ታሕሳስ ጉባኤ ብምኻያድ ንኽልተ ዓመት እተገልግል ሓዳስ ኣካያዲት ኣካል መሪጹ።






ኣብ’ቲ ጉባኤ ዘርከቡ ኣቶ ቅያ ተሰኖ ግዜ ተመንያ።

ኣብ’ቲ ኢጋጥሚ፡ ሓላፊ ፖለቲካን ውዳበን ጨንፈር ሃግመተኤ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ መንእሰይ ሰለሞን የሰፍ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ተራ ውዳበ መንእሰያት ከዕዘዙ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃግመተኤ ሓላፊት ምክትታል ዞባታት ወይዘሮ ሄለን ኣሚን ብወገና፡ ንንቕሓት ናብ ጥሙርን ኣድማዒን ዕዮ ዝቕይር ወኒ ረቒሒ ደረጃ ውዳበ ሰብን ጺጋታቱን ከም ዝዀነ ብምጥቃስ፡ መንእሰያት ብፍልጠት ሰጉሞምን ብንቕሓት በርቲዖምን ጸለውቲ ክኾኑ ብትግሃት ክሰርሑን ኣማእዚኖቲ መደባቶም ክኾኑን ኣዘኻኺራ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ኣብ ምሕያል ናይ’ቲ ውዳበ ዘተኮረ ርእይቶታትን ሕቶታትን ኣቕሪቦም።

እዚ ከም’ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣቐዲሙ ንተጋደልቲ ናይ ክልተ መዓልቲ ስልጠና መራሕነትን ምሕደራን ከምእተዋህበ ወከል ኤሪና ሓቢሩ።

ኣብ’ቲ ኢጋጥሚ፡ ኣብ ስራሕ ዝነበረት ኣካያዲት ኣካል ንዘሰላሰለቶ ዕማማትን ዝነበራ ብደሆታትን ሕጽረታትን ዝገልጽ ዝርዝራዊ ጸብጻብ ድሕሪ ምቕራብ፡ ነታ ሓዳስ ኣካያዲ ኣካል ጸቡቕ ናይ ስራሕ ሰራሕተኛታት ኣብ ህንጻት ሃገር ዓቢ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ናይ ትምህርትን ሞያን ተመኩሮታቶም ዘለዋወጡሉ መድረኻት ብምፍጣርን ሓባራዊ መረዳእታ ብምምዕባልን ኣብርኪቶኦም

## ዜና

# ሓልሓል - ኣብ ምስራሕ ዲጋ ንዝተዋፈሩ ኣባላት ሓ/ምክልኻል እንግዶት ተገይሩ




ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ተጋደልቲ ክፍለሰራዊት 70-16 ነበር ጨንፈር ዞባ ዓንሰባ፡ ናብ ታሪኻዊ ግንባር ሓልሓል ዑደት ብምውዳብ፡ ኣብ ህንጻት ዲጋ ርህይ ተዋፊሮም ንዝርከቡ ኣባላት ክፍለሰራዊት 34 ንምትብባዕ እንግዶት ኣካይዶም።

ኣብ'ቲ ብ7ን 8ን ታሕሳስ ዝተኻየደ መደብ፡ ብዛዕባ መስርሕ ህንጻት'ታ ዲጋ፡ ዝሰበረ ብደሆታትን በጺሓቶ ዘላ ደረጃን፡ ንዑደተኛታት መብርሂ ተዋሂቡ።

ኣቦመንበር ናይ'ቲ ጨንፈር ሓርበኛ ጉብሩ ተኽለሰንበት ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ "ሓያል ህዝቢ ሓያል መራሕነትን ሰራዊትን ይፈጥር፣ ሓያል መራሕነትን ሰራዊትን ድማ ድሕነት ሃገርን ጸጥታ ህዝቡን የውሕስ" ክብል፡ ንተወፋይነትን ጽንዓትን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ መጕሱ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሓልሓል ኣቶ ግርማጼን ኣብርሃ ድማ፡ ሰራዊት ኤርትራ ንረህዋ ህዝቡ ኣብ'ቲ ከባቢ ንዘካይዶ ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ብምጥቃስ፡ ሓርበኛታት ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ክፍለሰራዊት 70-16 ንዘወሰድዎ ተበግሶ ኣማስጊኑ።

ሓለቓ ስታፍ ክፍለሰራዊት 34 ካፕቴን ሚካኤል መብራህቱ ድማ፡ እቲ መደብ ኣብ ዝዋሃሃም ዘለዉ ንጥፈታት ዝያዳ ፍናን ከምዝሀቦም ገሊጹ።

እቲ ኣጋጣሚ፡ ጕጅለ ባህሊ 'በረር' ናይ እዚ ህዝባዊ ሰራዊት ብዘቕረብዎ መሰናድኦ ደሚቑ ነይሩ።

## ድባርዋ፡ ንምርጫ ኣመሓደርቲ ኣነባበርቲ ጎስጓስ ተኻዩዱ

ኣብ ዞባ ደቡብ - ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ንምርጫ ኣመሓደርቲ ከባቢን ኣነባበርቲ ዓድን ዝምልከት ጎስጓስ፡ ካብ 21 ሕዳር ክሳብ 8 ታሕሳስ ተኻዩዱ።

ዕላማ ናይ'ቲ ቅጥዕታት ምርጫ፡ መረጽትን ተመረጽትን ዘበርህ ጎስጓስ፡ ብመሰረት መምርሒ ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳር ኑየም ንሰለስተ ዓመት ንህዝቢ ከገልግሉ ዝጸንሑ ብሓደስቲ ንምትካእ'ዩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ኣቶ ፍረወንጌል ተኽለሃማኖት ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ምርጫ ብምጥቃስ፡ ዜጋታት ብንቕሓት ክሳተፉ ተላብዩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ካብ 18 ታሕሳስ ክሳብ 24 ታሕሳስ 2024 ምርጫ ኣመሓዳሪ ከባቢን ኣነባበርቲ ዓድን ክካየድ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

## ዓዲ-ተከሌዛን - ኣብ ገስጋስ ትምህርቲ ዘተባብዕ ውጽኢት ይምዝገብ




ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ንኡስ ዞባ ዓዲተከሌዛን፡ ብወሁድ ጻዕሪ ሕብረተሰብን ዝምልከቶም ኣካላትን፡ ኣብ ውጽኢት ትምህርቲ ዘተባብዕ ገስጋስ ይምዝገበሉ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ኣድም በሽር ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2023/2024 ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ካብ ዝተሳተፉ 50 ሚእታዊት ከምዝሓለፉ፣ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ (ማትሪክ) ድማ 43 ተመሃሮ ናይ ዲግሪን ዲፕሎማን ነጥቢ ከምዝረኸቡ ብምጥቃስ፡ እዚ ዘተባብዕ'ኳ እንተኾነ ዘዙ ክኸውን ከምዝይግባእ ገሊጹ።

ኣካል መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝኾነ ንጥፈታት ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን ብሓፈሻ ጸቡቕ'ኳ ይሰራሓሉ እንተሎ፡ ጉዳይ ትሕተ-ቅርጺ ግና ዓቢ ቐላሕታ የድልዮ ከምዘሎ ኣዘኻኺሩ።

መምህር ኣድም ኣብ መወዳእታ፡ ንመምህራን ብብደረጃኦም ስልጠናታት ምውዳብ፣ ኣብ ሃገራዊ መርመራታት ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ንዝሳተፉ ተመሃሮ ተወሳኺ ሓገዝ ምግባር፣ ካብ ቤት-ትምህርቲ ናይ 5 ዓመት ውጥን ኣዳልያ ክትሰርሓሉ፣ ከምኡ'ውን ኣብ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ደቀምሓረ ተጀሚሩ ዘሎ ተወሳኺ ክፍልታት ተዛዚሙ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ዝብሉ፡ ናይ መጻኢ መደባት ምዃኖም ሓቢሩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲተከሌዛን 37 ኣብያተ-ትምህርቲ ኣለዋ።


### ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


## ጉ/ባህሊ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ጎስጓስ ኣካዩዳ

ጕጅለ ባህሊ ሳዋ ናይ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ኣብ ምጥርናፍ ዓድታትን ምዕባይ ተሳታፍነት ትምህርትን ዘተኩረ ጎስጓሳዊ ምርኢት፡ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣካዩዳ።

እቲ ካብ 13 ጥቅምቲ ክሳብ 3 ታሕሳስ ዝተኻየደ ባህላዊ መደብ፡ ኣብ ሳዋ ብዝርከቡ ኣባላት 37 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎትን ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎን ጀሚሩ፡ ኣብ ንኡስ ዞባታት ፎርቶ-ሳዋ፡ ድጉ፡ ከርከበትን ሰልዓን ከምዝቐጸለ፡ ሓላፊ ጨንፈር ባህሊ ናይ'ቲ ማእከል መንእሰይ ጺጋይ ተስፎም ገሊጹ።

እዚ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ምስ ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ ብምውህሃድ ዘወደቦ ጎስጓሳዊ ምርኢት፡ ኣብ ኣገዳስነት ትምህርትን ምጥርናፍ ዓድታትን ዘሎ ትሑት ርድኢት ንምብራኽ ዝዓለመ'ዩ ነይሩ።

ከም ኣካል'ቲ መደብ፡ ኣባላት'ታ ጕጅለ ምስ ዓበይቲ ዓድን መንእሰያትን ሓሳባቶም ተመኩሮን ክለዋወጡ ከለዉ፣ ኣብ 1967 ኣብ ዓድ-እኩድ ብመግዛእታዊ ስርዓት ሃጸይ ሃይለስላሴ ናይ ዝተቐትሉ 99 ንጹሃት ዜጋታት ኣስከሬን ዝዓረፈሉ መቓብር በጺሖም።

ጎስጓሳዊ ዑደት ጕጅለ ባህሊ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ብደረጃ ሃገረ ብሰፊሑ ክቕጽል መደብ ከምዘሎ፡ እቲ ዝተረኸበ ሓበሬታ የጽርዕ።

## ሽዕብ፡ ኮነታት ዘራእቲ ጽቡቕ ከምዘሎ ተገሊጹ

ኣብ ሸሞንተ ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ሽዕብ ዝዘዘርኦ ኣእካል፡ ሓረስቶት ኣቕዲሞም ሳላ ዘቖደድዎ ኣድማዒ ናይ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ንጥፈታት፡ ኣብ ደረጃ ምውላድ ከምዝበጽሐ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ቀጎባዊ ልምዓት ኣቶ ሙሳ ኢብራሂም ገሊጹ።

ሎሚ ዓመት ካብ'ቲ 9,052 ሄክታር ዝበጽሐ ጠቕላላ ተሓረሲ መሬት፡ እቲ 5,282 ሄክታር መሸላ ከምእተሓርሰን ከምእተዘርኣን ዝሓበረ ኣቶ ሙሳ፡ 300 ሄክታር ድማ ብኣሕምልቲ ለሚዑ ከምዘሎ ኣፍሊጡ።

ንዝተሰላሰለ መደባት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ብዝምልከት፡ ቅድሚ ዝናብ ከበሳ ምጅማሩ ኣስታት 12,620 ሜትሮ ዓምማትን ጀረፋትን ብኣበዑ፣ ከምኡ'ውን ኣስታት 8,887 ሜትሮ ብጕልበት ሰብ ከምእተሰርሐ ኣረዲኡ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ሙሳ፡ ኣብ 2017/2018 ዝዓነወ ዓምማት ክሳብ ሕጂ ስለዘይተጸገኑ፡ ብሩባታት ማይኣሉ፡ ላጣን ሸላብን ዝመጽእ ውሒዘ ከይተጠቕሙሉ ናብ ባሕሪ ይኣቱ ብምህላዉ፡ ንእቶት ሓረስቶት ብኣሉታ ይጸልዎ ስለዘሎ፡ መንግስቲ ቈላሕታ ገይሩ ክጽግኖም ተላብዩ።

# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቀምቲ ናይ’ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ “ሕቶ ሽባብ” እምበኣር ንገለ ካብ’ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ “ሆት ላይን” ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ፍቕሪ ማዕዶ!



ኣማኻሪ፤ ሄለው፡ ናብ ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልኩም ኣለኹም።

ደዋሊት፤ እወ፡ ናባኹም ደለየ’የ ደዊለ።

ኣማኻሪ፤ መን ክብል?

ደዋሊት፤ ምሕረት እብሃል ካብ መንደፈራ እድውል ኣለኹ።

ኣማኻሪ፤ መርሓባ ምሕረት፡ ዕድሜኽን ደረጃ ትምህርትኽን ዶ ምሓበርክኒ?

ደዋሊት፤ ዕድመይ 33 ዓመት’ዩ። ደረጃ ትምህርተይ ከኣ 8ይ በጺሐ።

ኣማኻሪ፤ የቐንየለይ፡ እንታይ ክሕግዘኪ?

ደዋሊት፤ ሓደ ብሞባይል ዝተላለኽዎ ሰብ ኣሎ። ሕጂ፡ “ሌላና ናብ ሓደር ዘይንቕይሮ ኢሉኒ፡ ” ኣነ ግና ምውሳን ስኢነ፡ እንታይ ትሕግዘኒ?

ኣማኻሪ፤ እስኪ ቀሩብ ኣዕሙቕ ኣቢልኪ ኣዕልልኒ፡ ዕድመ ሌላኹም ክንደይ ይኸውን?

ደዋሊት፤ ካብ ንላለ፡ ዳርጋ ዓመት ኮይኑ ኣሎ።

ኣማኻሪ፤ ብኣካል ከ ተራኺብኩም ትፈልጡ ዶ?

ደዋሊት፤ ኣይፋሉን። ብተለፎን ጥራይ ኢና።

ኣማኻሪ፤ ብኣካል ዘይመራኸቢኹም ምኽንያት እንታይ ኮን ይኸውን?

ደዋሊት፤ ራሕቂ ቦታ። ንሱ ኣብ ጋሽ ባርካ’ዩ ዝቕመጥ።

ኣማኻሪ፤ ናብ ድሕሪት ክመልሰኪ፡ ብኸመይ ደኣ ተላሊኹም ትኾኑ?

ደዋሊት፤ እዛ ሕጂ ምስኡ ዘላ ቁጽሪ ተለፎን፡ ናይ ሓደ ብስራሕ ዝፈልጦ ሰብ’ያ ነይራ። ሓደ እዋን፡ ናብቲ ዝፈልጦ ወዲ ምስ ደወልኩ፡ እዚ ናይ ሕጂ ወዲ ተቐቢሉኒ። እቲ ወዲ ገይሹ ንሱ ድማ ዓርኩ ምኳኑን ሓቢሩኒ። በዚ ምኽንያት ዝጀመረ፡ ቀስ ብቐስ ሌላና እናዓሞቐ፡ ክሳብ ሕጂ ንቕጽል ኣለና።

ኣማኻሪ፤ ብተለፎን ጥራይ፡ ዝምድናኹም ክዓሙቕ ዘኽኣሎ እንታይ ይመስለኪ?

ደዋሊት፤ ሓቅኻ ኢኻ፡ እንድዒ ከም ገለ ተጋጢምና ኢና መስለኒ፡ ጽቡቕ ኢና ነዕልል። ንሓዳር ዝበጽሕ’ዩ ዝብል ግምት ኣይነበረንን። ሓቒ ይሓይሽ፡ ሃንደበት’ዩ ኮይኑኒ፣ ኣይኣመንኩን።

ኣማኻሪ፤ ዓመት ዝኣክል ሌላ፡ ንመርዓ እኹል ኣይመስለክን?

ደዋሊት፤ ግዜ እኹል ክኸውን ይኽእል’ዩ። ግና፡ ብተለፎን ጥራይ ከመይ ጌርካ ትተኣማመን።

ኣማኻሪ፤ ምትእምማን ጽቡቕ ምቅርራብን እንተ ዘይህልወኩም ነይሩ፡ ክንድ’ዚ ዝኣክል ግዜ ምቐጸልኩም ዶ ትብሊ?

ደዋሊት፤ ሓቒ ይሓይሽ ብዕላል ናይ ማዕዶ ደኣ ኮይኑ እምበር፡ ኣዚና ኢና ተቐራሪብናን ተፋቲናን።

ኣማኻሪ፤ ዕላልኩም ካብ ተራ ዕላል ናብ ፍቕሪ ሰዒቡ ድማ ናብ ሕቶ ሓዳር በጺሑ ኣሎ። ሓዳር ድማ ብሓባር ተኣማሚንካ ትነብረሉ ማሕበራውን መንፈሳውን ዝምድና ምኳኑ ሓበሬታ ዘድልየኪ ኣይመስለንን። ስለዚ፡ ብዛዕባ ባህርያትኩም፡ ድሌታትኩም፡ ድሕረ-ባይታኹምን ካልእ ንሓዳር ኣድላዪ ዝበልኩሞ ኣርእስትታት ኣልዒልኩም ተዛራሪብኩም ዶ ትፈልጡ?

ደዋሊት፤ እወ። ዳርጋ ዘይተላዕለ ኣርእስቲ የብልናን’የ ዝብል።

ኣማኻሪ፤ ምሕረት፡ ንሓዳር ዝደልየኪ ወዲ ተላሊኺ ኣለኺ። ንስድራቤትኪ ኸ ሓቢርኪ ዶ ትኾኒ?

ደዋሊት፤ ንስድራይ እኳ ኣይሓበርኩን። ናይ ብተለፎን ሌላ ጥራይ ኣኻሊ ኮይኑ ስለ ዘይተሰምዓኒ ክውስን ኣይከኣልኩን።

ኣማኻሪ፤ ሓሳብኪ ካብ ሓቒ ዝረሓቐ ኣይኮነን። ኣቐድም ኣቢልኪ “ዘየዕልልናሉ ጉዳይ ዳርጋ የለን” ኢልክኒ ነይርኪ። ብኣካል ብዘይ ምርኻብኩም ንዘለኪ ስክፍታታት ተዛራሪብክምሉ ዶ ትፈልጡ?

ደዋሊት፤ እወ ተዛሪብሉ። ክንረኣኣ፡ ኣነ ክቐርበኪ ቅረብኒ፡ ዋላ ኣብ ኣስመራ ንራኸብ’ዩ ዝብል።

ኣማኻሪ፤ እሞ፡ እንታይ ደኣ ኢልኪዮ ትኾኒ?

ደዋሊት፤ ከም ዘይጥዕመኒ’የ ሓቢረዮ።

ኣማኻሪ፤ ሕራይ፡ ንሱ ኸ እንታይ በለ?

ደዋሊት፤ ንሱ ደኣ ወላ’ሞ ንድባርዋ ክቐርበኪ’ዩ ዝብለኒ።

ኣማኻሪ፤ እሞ፡ ተበግሶታቱ ኣብ ግምት ኣእቲኺ ድሌት ዘለዎ ኮይኑዶ ይስምዓኪ?

ደዋሊት፤ ደላዩ ደመስል’ዩ።

ኣማኻሪ፤ ብወገኑ ተበግሶ ክወስድ፡ ቅሩብ ዘሎ ይመስል። ስክፍታ ዝፈጥረልኪ ዘሎ እንታይ ይኸውን?

ደዋሊት፤ እንተ ዘይፈተኽዎ ኸ፡ እዚ ኵሉ መንገዲ ከድክሞ ኣይደለኹን።

ኣማኻሪ፤ እንተታት ኣብ ግምት ኣእቲኺ፡ ብዓይኒ ሓልዮት ምርኣይኪ ዝንጸግ ሓሳብ ኣይመስለንን። ቅድሚ ምምጽኡ ብኻልእ ኣገባብ ክትፈልጥዮ ፈቲንኪዶ ትኾኒ?

ደዋሊት፤ ኣነ ዓቕመይ ዘፍቅዶ ኣጻርየ’የ። ሓንቲ ኣነ ዝፈልጣ ንእኡ ትፈልጥ ኳል ጋሽ ባርካ ሰብ ኣላ፡ ብዛዕብኡ ምስ ሓተትክዋ ካብቲ ዘዕለለኒ ዝነበረ ፍሉይ ነገር ኣይረኸብክሉን። ንሱ ብግሉጽነት ብዓል ሓዳር ከም ዝነበረን ክልተ ቈልዑ ከም ዘለውዎን ዝተፋተሐን ምኳኑ ሓቢሩኒ’ዩ። ኣነ ድማ ናይ ብሓቂ ደላዩን ዘይደላዩን ምኳኑ ክፈልጥ ከምቲ ናቱ ክልተ ቈልዑ ከም ዘለውንን ከም ዝተፋታሕኩን ሓቢረዮ ነይረ። ንሱ ድማ እሞ ክልተና ሓደ ታሪኽ ዘለና ኢና ብምባል ጸገም ከም ዘይብሉ ሓቢሩኒ። ክፍትትኖ ኢለ እየ እምበር ሓዳር ይኹን ውላድ የብለይን።

ኣማኻሪ፤ ድሌት ደላዩኺ ክትርድኢ ዝፈጠርክዮ ምኽንያት፡ ዓጊብክሉ ክትኮኒ ትኽእሊ ኢኺ። ብዛዕባኺ ብወገኑ ዝሓትት ዶ ይመስለኪ?

ደዋሊት፤ እንድዒ፡ ከረጋግጽ ኣይክእልን’የ። ኣነ ግና ከም ዘወለድን ዝተፋተሓን ኣረጋጊጸ ኣለኹ።

ኣማኻሪ፤ ዝኸበርኪ ምሕረት፡ ንስኺ እዚ ወዲ ንሓዳር ድላዩ’ዩ በሃሊት ኢኺ። እታ ሓንቲ ኣሰኪፋትኪ ዘላ ጉዳይ እንተ ዘይፈተኽዎ ኸ ትብል ሓሳብ ድያ ሓቀይ?

ደዋሊት፤ እወ።

ኣማኻሪ፤ ገለ ስእሊ ኣይተለዋወጥኩን፣ ትፈልጡዶ ትኾኑ?

ደዋሊት፤ ኣይፋሉን።

ኣማኻሪ፤ እሞ፡ ሕጂ ስእልኹም ክትለዋወጥኩም እንታይ ይመስለኪ?

ደዋሊት፤ ዋላ፡ እንታይ ጸገም ኣለዎ’ሞ።

ኣማኻሪ፤ ስእሊ ዋላ’ኳ ኵሉ ነገር ዝገልጽ እንተ ዘይኮነ፡ ዝፈጥሮ ዕጋበት ዓይንን ከፌላዊ ምፍላጥን ክፈጥር ይኽእል’ዩ። መልክዕ በይኑ ቀምነገር ዝኸውን ዋላ እንተ ዘይኮነ ንዝያዳ ምፍላጥ፡ ብዛዕባ ኵነታት መነባብሮ፡ ስራሕን ካልእ ድሕረ-ባይታን ክዕለል ዝግበእ’ዩ። ኣብዞም ዝጠቐስኩልኪ ጉዳያት ተዘራሪብኩምዶ ትፈልጡ?

ደዋሊት፤ ተዘራሪብና ኢና። ኣነ’ውን ብወገነይ ሓቲተሉ’የ። መነባብሮኡ ጽቡቕ ምኳኑ’የ ፈሊጠ ዘለኹ።

ኣማኻሪ፤ ነንስድራኹም ሓቢርኩም፡ ብመንገዲ ስድራኹም ዝተረፈ ክሕተት ዝከኣልዶ ይመስለኪ?

ደዋሊት፤ እወ ይከኣል’ዩ። ግና ስድራቤተይ ዝወለደ ስለ ዝኾነ ከይኣብዩኒ ስክፍታ ኣሎኒ።

ኣማኻሪ፤ ተራ ስድራቤት ኣብ ዝመጽእ ዝምድና ናይ ሓዳር ኣዝዩ ኣገዳሲ’ዩ። ቅድሚ ዝኾነ ግና ንስኺ ኢኺ ክትውስኒ ዝግበኣኪ። ንስድራቤትኪ ድማ፡ ካብ ብግምት ቀሪብኪ እንተ ተዛራብዮም፡ ንዓኺ ዘይረኣየኪ ሸነኽ ንኽትዕዘቢ ክሕግዙኺ ይኽእሉ’ዮም። ኣብዚ ናትኪ ተራ እቲ ንዓኺ ዝርኣየክን ዝርደኣክን ንኽስዕቡኺ ምግላጽ’ዩ። ንኽርእየኪ ነዊሕ ተጓዒዙ ክመጽእ ድሉው ምህላው ድማ ኣብ ልዕሌኺ ዘሎዎ ድሌት ዝእምት ስለ ዝኾነን ንኽትርኣኣዩ ዕድል ዝፈጥርን ክሳዕ ዝኾነ፡ ካብ ኣብ ኣስመራዶ መንደፈራ ዝበሃል፡ ዝኾነ ጸገም ዘየስዕበሉ እንተ ኾይኑ መንደፈራ እንተ መጽአ፡ ንስጉምትኹም ወሳኒ ስለ ዝኾነ ክስርሓሉ ዘለዎ’ዩ።

ደዋሊት፤ ኣነ ግና ካልእ ድሌታት ከይህልዎ’ውን ስክፍታ ኣለኒ።

ኣማኻሪ፤ ካልእ ድሌታት ክትብሊ ከለኺ እንታይ ማለትኪ ኢኺ?

ደዋሊት፤ ወላ’ኳ ብተለፎን ጽቡቕ እንተ ተቓራረብና፡ ናይ ወዲ ነገር ጠንቀምቀም ዝብል ከይከውን።

ኣማኻሪ፤ እቲ ግብረ-መልስን ትጽቢትን ኣባኺ’ዩ ዝምርኮስ። ንስኺ ናይ ብሓቂ ከምዚ ትብልዮ ዘለኺ ብዛዕባ ባህርያቱ፡ መነባብርኡን ታሪኹን ሓቲትኪ እንተ ኼንኪ፡ ንሓዳር ከኣ ባህጊ ዘለኪ እንተ ኴንኪ፡ እዚ ትብልዮ ዘለኺ ቀንጠብጠብ፡ ኣብ እዋኑ ብሕግን ባህልን ልምድን ከተርክብሉ ስለ ትኽእሉ፡ ዘሻቕል ጉዳይ ኣይመስለንን። ናብዚ ትግምትዮ ዘለኺ ስጋዊ ህርፋን ዝመጣጠር እንተ ኾይኑ፡ ንዘለዎ ኣተሓሳስባ ዝመዝን ስለ ዝኾነ፡ ተወሳኺ መምዘኒ ክኾነኪ ይኽእል’ዩ። ስክፍታ ክህልወኪ ዝጽላእ’ኳ እንተ ዘይኮነ፡ ኣብ ውሑስ ግዜን ቦታን መሪጽኩም ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም። ንኣኽን ንስድቤትክን ዝፈጥረልኩም ስክፍታን ስግኣትን እንተ ዘየሎ ኣብ ገዛኹም ብምዕዳም’ውን ብውሑስ ኣገባብ ክትራኸቡ ትኽእሉ ይመስለኒ። ካብዚ ቀጺልኪ ንስድራኺ ብመሰረት ባህልናን ወግዕናን ጓልኩም ሃቡና ንምባል ባይታ ክጣጣሕ ይኽእል’ዩ።

ደዋሊት፤ ጽን ኢልካ ግዜ ሂብካ ስለ ዝሰማዕካኒ ኣመስግነካ። ብዙሕ ግዜ ሒዘካ ይቕሬታ፡ ስክፍታይ ተቐንጢጡለይ ኣሎ። የቐንየለይ።

ኣማኻሪ፤ ገንዘብኪ፡ ጽቡቕ ዕድል እትምነየልኪ።

ደዋሊት፤ ኣሜን፡ ብሩኽ መዓልቲ።

ኣማኻሪ፤ ብሩኽ መዓልቲ።

## ልቦና ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

### ነየናይ ዝያዳ ትቕልቦ?

ሓደ እዋን፡ ንወዲ ጓሉ ልቦና ከስንቖ ዝሓሰበ ኣቦ፡ ንወዲ ጓሉ ጸዊዑ ምስኡ ኮፍ ክብል ዓደሞ።

“ኣቦይ ድሓን ዲኻ? እንታይ ኢኻ ደሊኻኒ?” ሓተተ ተሃንጥዩ።

“ሓደ ዘሕሰበኒ ዘሎ ነገር ክነግረካ ደልየ።”

“ጽቡቕ ሕራይ ንገረኒ፡” መለሰ ንዓሚቝ ዕላል ኣቦሓጎኡ ብኣተኲሮ ክሰምዕ እናተደላወ።

“ኣብ ውሽጠይ ክልተ ተኻሉ ዘሎውኒ ኲይኑ ይስመዓኒ ኣሎ፡” በለ ኣቦሓጎ።

“ክልተ ተኻሉ?”

“እወ ክልተ ተኻሉ። እቲ ሓደ ተኹላ ቂመኛ፡ ሓራቕ፡ ተጓራፋጥን እዩ፣ እቲ ሓደ ኸኣ ፈቃርን ሕያዋይን።”

“እሞ ኣይናይ ክስዕር ኢኻ ትደልዮ፡” ክብል ሓተተ እቲ መንእሰይ።

“እቲ ዝያዳ ዝቐለብኩዎ፡” ክብል መለሰ ኣቦሓጎኡ።

ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ፊልማዊት መዓሾ

# ምሕደራ ተኽሊ ዘይቱን

ቀዳማይ ክፋል

ክቡራት ኣንበብቲ ዓምዲ ፍረ ጻዕሪ፡ ተኽሊ ዘይቱን ኣብ ሃገርና ብመልክዕ ንግዳውን ስድራቤታውን ሕርሻ፡ መብዛሕትኡ ድማ ኣብ ቀጽሪ ቤት ብልምዲ ይፈሪ እዩ። ንኣገባብ ምፍራይ እዚ ተኽሊ ኣመልኪቱ እምበኣር ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ክኢላ ልምዓት ፍረታትን ኣሕምልትን ኣቶ ሚካኤል ጊልያጋብር ዘዳለዎ መብርሂ ቀዳማይ ክፋል ቀሪቡ ኣሎ። እዚ ጽሑፍ ኣብ ክልተ ክፋላት እናተኻታተለ ክቐርበልኩም እዩ። ሰናይ ንባብ!



ኣቶ ሚካኤል ጊልያጋብር

ተኽሊ ዘይቱን፡ ኣብ ቀላውን ሓውሲ ቀላውን ክፋል ዓለምና ብብዝሒ ዝፈሪ ዘሎ ልሙድ ተኽሊ እዩ። መበቈሉ ወላ'ኳ ዝተረጋገጸ እንተዘይኮነ፡ ካብ ደቡባዊ መክሲኮ ክሳብ ማእከላይ ኣመሪካ ዝዝርጋሕ ምኳኑ ይእመነሉ። ካብዚ ድማ ብሰብን ብእተፈላለዩ እንስሳታት ከም ኣዕዋፍ ናብ ትሮፒካዊ ክፋል ኣመሪካን ምዕራብ ህንድን ተዘርጊሑ። ኣብ'ዚ እዋን ከኣ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዓለምና ከም ህንዲ፡ ፓኪስታን፡ ፊሊፒንስ፡ ፍሎሪዳ፡ ብራዚል፡ መክሲኮ፡ ኣዉስትራልያ፡ ደቡብ ኣፍሪቃን ካልኦትን ብመልክዕ ንግዳዊ ሕርሻን ስድራቤታዊን (ኣብ ካንሸሎ ገዛ) ይፈሪ ኣሎ።

ዘይቱን፡ ኣብ ሃገርና ብመልክዕ ንግዳውን ስድራቤታውን ሕርሻ ብፍላይ ኣብ ዞባታት ዓንሰባ፡ ጋሽባርካ፡ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ማእከልን ደቡብን ኣብ ምፍራይ ይርከብ። ስፍሓት ብተኽሊ ዘይቱን ዝተሸፈነ መሬት ሃገርና ኣስታት 300 ሄክታር ይበጽሕ። ካብዚ ድማ ገምጋማዊ እቶት 1460 ቶን ዓመታዊ ይርከብ።

### ትሕዝቶን ጥቕምን ዘይቱን

ፍረ ዘይቱን፡ ብትሕዝቶ ቪታሚን ሲ ሃብታም እዩ። ብተወሳኺ ምንጪ ቪታሚን ኤን ካልኦት ባእታታት ኣሲድን (ሲትሪክ፡ ላክቲክ፡ ማሊክ፡ ኦክሳሊክ፡ ኣሰቲክን ፎርሚክን) እዩ። ዝበሰለ ፍረ ዘይቱን ብጥረኡ ክብላዕ ይከኣል። ብመልክዕ ጽማቕ፡ መልማላታን ካልእን ተመስሪሑ'ውን ኣብ ጥቕሚ ክዉዕል ይኽእል። ብተወሳኺ ክፋል ኣካላት ተኽሊ ዘይቱን ከም ቆጽሊ ዘይቱን፡ ከም ባህላዊ መድሃኒት የገልግል። ኣብነት ንምጥቃስ፡ ክብደት ሰብነት ንምጉዳል፡ ዓቐን ሽኮር ኣብ ደም ንምጉዳል፡ ኣብ ምቅልጣፍ ስርዓት ምሕቃቕ መግብን ወዘተ ይሕግዝ።

### ኣመራርጻ ቦታ ሕርሻ ተኽሊ ዘይቱን

ተኽሊ ዘይቱን፡ ካብ 1000-2800 ሜትሮ ብራኽ ልዕሊ ጽፍሒ ባሕሪ ዝኾነ ቦታ ክለምዕ ይኽእል። ብዝያዳ ግና ትሕቲ 1500 ሜትሮ ብራኽ ብዝበለጸ ይፈሪ። ወላ'ኳ ኣብ ዝተፈላለዩ ክሊማ ዘለዎም ከባቢታት ክፈሪ እንተ ኸኣለ፡ ኣብ ቀላን ሓውሲ ቀላን ክሊማ ዘለዎ ቦታ ዝያዳ ይሰማምዖን ጽቡቕ ይፈርን።

ሙቐት ቦታ ሕርሻ ካብ 23-28 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ንዕቤቱ ይሰማምዖን ልዑል እቶት ክህብ የኽእሎን።

ዘይቱን 4.5-8.2 ምረተ ምጾት ዘለዎ፡ ኣብ ኩሉ ዓይነት ሓመድ ይበቍል። ልዑል ጥንካረን ተጻዋርነትን ዘሎዎ ተኽሊ ከም ምኳኑ መጠን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓይነት ሓመድ ማለት ዱኺ ሓመድ፡ ኣልካላዊ ሓመድን ትሑት ጽንፋፈ ዘለዎ ሓመድን ተተኺሉ ክለምዕ ይኽእል። ተመራጺ ምረተ ምጾት(PH) ናይ ሓመድ ንልምዓት ተኽሊ ዘይቱን ካብ 6.5-7.5 እዩ። እዚ ይኹን'ምበር ክሳብ 8.7 ምረተ ምጾት ዘለዎ ዓይነት ሓመድ'ውን ክጻወር ይኽእል እዩ። ዘይቱን ኣዝዩ ተሪር ገረብ ሙቐትን ዝተናውሐ ደርቅን ክጻወር ዝኽእል፡ እንተኾነ ኣሰሓይታ ዘይጻወር ዓይነት ተኽሊ እዩ። ዕዉት ልምዓት ተኽሊ ዘይቱን ንምክያድ፡ ብማዕድናት ሃብታም ዝኾነ ሓመድ፡ ጽቡቕ ጽንፋፈ ዘለዎ ድኻን ሓውሲ ድኻን ዋላኻን ክኸውን ይምረጽ።

### ኣገባብ ምብዛሕ ፈልሲ

**ምብዛሕ ብዘርኢ፦** ምብዛሕ ፈልሲ ዘይቱን ብዘርኢ ኣይምረጽን። መኽንያቱ ብዘርኢ ተራቢሑ ዝተዳለወ ፈልሲ ዘይቱን ምትካል፡ ናብ ፍርያት ንኽበጽሕ ልዕሊ 3 ዓመታት ስለ ዝወስደሉ። ልክዕነት ተወርሶኣዊ ባህሪ ናይ ኣደ ገረብ የብሉን ከምኡ'ውን ትሑት ብቕዓትን እቶትን ዘለዎ ፍረ ይህብ። ይኹን'ምበር፡ ብዘርኢ ዝማዕበለ ፈልሲ ከም ሰረተ-ጉንዲ፡ ንምድቓል ብም'ውሳብ (grafting) ባዲንን (budding) ከገልግል ይኽእል። ዘርኢ ካብ ዝበሰለ ፍረ ዘይቱን ድሕሪ ምዉጻእ፡ ኣብ ዝተዳለወሉ መፍለሲ ቦታ ብቕልጡፍ ክዝራእ ይግባእ። ዘርኢ ኣብ ማይ ን12 ሰዓታት ምእላኽ፡ ወይ ድማ ኣብ ሃይድሮክሎሪክ ኣሲድ ንሰለስተ ደቓይቕ ምእላኽ፡ ናይ ምብቋል ግዜ ብምቅልጣፍ 90% መጠን ምብቋል ክርከብ ይከኣል። ሓደ ዓመት ዕድመ ዝገበረ ፈልሲ ድማ ብግራፍቲንን ባዲንን ንምድቓል ድሉው ይኸውን። ንምድቓል እንጥቀመሉ ጫሌዳ/ እጓም ኣደ-ገረብ፡ ብእቶታውነትን ብቕዓትን ፍረ ዝበለጸት ዝኾነት ፍረ ክትምረጽ ይግባእ።

**ምብዛሕ ብኣካሊት ተኽሊ (Grafting)፦** ተኽሊ ዘይቱን ብዝተፈላለዩ ኣካላት ናይታ ተኽሊ ተጠቒምና ብምድቓል ክባዝሕ ይከኣል። እንጥቀመሎም ሜላታት ምድቓል ከም ጨንፈር ተኽሊ ብምቑራጽ፡ ብእጓም ተኽሊ፡ ብኣካሊት ከምኡ'ውን ብቐጸላ ክኸውን ይኽእል።

**ምብዛሕ ብምቑራጽ ሱር፦** እዚ ዓይነት ኣገባብ ምብዛሕ ጥንታዊ ኰይኑ፡ ካብ 12-20 ሰንቲ ሜተር (ሰ.ሜ) ቁመት ዘሎዎ ሱር ብምቑራጽ ኣብ ዝተዳለወ መፍለሲ መደብ ተጋዲሙ ብሓመድ ይሽፈን። ጥሉል ከም ዝኸውን ብምግባር ድማ ጫሌዳ ከም ዘብቍል ይግበር።

**ምብዛሕ ብምቑራጽ ጨንፈር ተኽሊ፦** ዝተቖርጸ ጨንፈር ኣብ ዝተዳለወ መፍለሲ መደብ ይትከል። ጠሊ ናይቲ ሓመድ ብምዕቃብ ድማ ሰራውር ከም ዝምዕብሉ ምግባር'ዩ።

**ምብዛሕ ብምኽታብ እጓም ተኽሊ፦** እዚ ሜላ ምብዛሕ ኣብ ዝተወሰኑ ዓሌታት ዘይቱን ዝበለጸ እዩ። ንእጓም እንጥቀመሉ ጨንፈር ሰንጣቒቱ ካብ 1.2-2.5 ሰ.ሜ ክኸውን ይምረጽ። ንእጓም ዝተመርጸ ጨንፈር፡ ካብ 10-15 መዓልታት ቅድሚ ካብ ኣደ ገረብ ምቑራጹ፡ ዘለዉ ኣቕጽልቲ ይቖረጽ። ከምዚ ምግባር እጓም ይሰብሕን ምስ ተኸትበ ድማ ጽቡቕ ይዓብን።

**ምብዛሕ ብምቕናን ጨንፈር ተኽሊ፦** ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ጉንዲ ተኽሊ ዝርከብ ጨንፈር ናብ መሬት ገጹ ይቐንን፡ ድሕር'ዚ 12-15 ሰ.ሜ ሓመድ ይግበረሉ ብፕላስቲክ ተሸፊኑ ጠሊ ይዕቀበሉ። ሰራዉር ድማ ከም ዝምዕብል ይኸውን።


### ምድላው ቦታ ሕርሻን ምትካልን

**ምሕራስን ምድልዳልን ቦታ ሕርሻ፦** ተኽሊ ኣብ ካንሸሎ ገዛ ዝትከል እንተ ኾይኑ፡ ዝትከለሉ ቦታ ድሕሪ ምጽፋፍ፡ 60 ሰ.ሜ. ሰንጣቒትን 60 ሰ.ሜ. ዕምቆትን ዘለዎ ጉድጓድ ይኳዓት። ድሕር'ዚ 10ኪሎ ግራም ባህርያዊ ድኹዒ ምስ ሓመድ ተሓዊሱ ናብ ጉድጓድ ይምላእ። ኣብ ስፍሕ ዝበለ ክፉት ቦታ ዝትከል እንተ ኾይኑ ድማ፡ መጀመርታ እቲ መሬት 1-2 ግዜ ይሕረስን ጻህያይ ከም ዝጠፍእን ይግበር። ብምቕጻል ምድልዳል መሬት ይካየድ። እዚ ስራሕ'ዚ ቅድሚ ጥሉል ክራማት ምምጽኡ ክኸውን ይምረጽ።

**ምሽካል ሽኻል፦** ጉድጓድ ንምኹዓት ናይ 5-7 ሜትሮ ፍልልይ ዘሎዎም መስመራት ይሕንጸጽን ምልክት ይግበርን። በዚ ርሕቀት ምትካል'ዚ ክሳብ 277 ተኽሊ ኣብ ሓደ ሄክታር ምትካል ይከኣል። እቲ ልክዕ ርሕቀት ምትካል ኣብ ዓሌት ተኽሊ፡ ፍርያምነት ሓመድ ከምኡ'ውን እንጥቀመሉ መስኖኣዊ ትሕተ ቅርጺ ምርኩስ ብምግባር ይዉሰን።

**ምትካል ተኽሊ** - ተኽሊ ቅድሚ ምትካል፡ ጉድጓድ ብዝተዳለወ ባህርያዊ ድኹዕን ሓመድን ይምላእ ከምኡ'ውን ማይ ይሰቲ። ምትካል ተኽሊ ኣብ ምጅማር ግዜ ክረምቲ ክኸውን ይምረጽ። መጀመርታ ሰራዉር ፈልሲ ዝሸፈነ ፕላስቲክ ብጥንቃቐ ይእለ፡ ብምቕጻል ፈልሲ ኣብ ዝተዳለወ ጉድጓድ ድሕሪ ምእታው ሰራዉር ብሓመድ ከም ዝሸፈኑ ይግበር። ድሕር'ዚ ጠሊ ሓመድ ከምቲ ዝድለ እንተዘይኰይኑ፡ ፈልሲ ማይ ክሰቲ ይግባእ።

ይቕጽል...



## ካብ ፈወስቲ ፍረታት

ዝተፈላለየ ዓይነት ፍረታት ብምምጋብና ኣብ ምሕላው ጥዕናና ልዑል ኣበርክቶ ከም ዘለዎ ዝተፈላለየ ጥዕናዊ ጽሑፋት ይገልጹ። ኣቓዲምና ብኸምቲ ዝድለ እንተተጠቒምናሎም፡ ነፍሲ ወከፍ ፍሩታ ብውሑዱ ክልተ ወይ ሰለስተ ሕማማት ናይ ምክልኻል ብቕዓት ኣሎዎም። ገለ ኣብነታት ንምርኣይ፦

**ዘይቱን**

ንመዓንጣን ደምን ኣብ ምጽራይ ይሕግዝ። ኣብ መዓልቲ ክልተ ወይ ሰለስተ ፍረ ዘይቱን ምስ ፍረኡ ምስ እትምገብ ወይ ከኣ እቲ ቈጽሉ ብግቡእ ሓጺብካ ምስ እትበልዖ ኣፍ፡ ስኒ፡ ግርጻን ንሕማም ኣይቃልዑን። ብኣበሃህላ እንግሊዛውያን፡ ምህዋኽ ኣእምሮ ዘለዎም ሰባት ንዘይቱን ኣብ ማይ ኣሊኾም ብምሕዳር ከም ዝምገብዎ ይገብሩ። እዚ ብዘይ ምቁራጽ ምስ ዝፍጸም ከኣ እቲ ሕሙም ኣወንታዊ ለውጢ ከርኢ ይጅምር።

**ለሚን**

ንግሆ ብመዓር ሓዊስካ ምስ ዝውሰድ ጥቕሙ ኣዝዩ ዝለዓለ እዩ። ብለሚን ኪውገዱ ዝኽእሉ ብዙሓት ዓይነት ሕማማት ኣለዉ። ንኣብነት እዞም ዝስዕቡ ኪጥቀሱ ይኽእሉ። ከስዐ የጽሪ፡ ክብደት ንምጉዳል ይሕግዝ፡ ኣብ ከረጺት ሓሞትን ልብን ንዘሎ ጸገማት ንምፍዋስ ይሕግዝ፡ ምሸት ቅድሚ ምድቃስካ ገጽካ ብቐራፍ ለሚን ምስ እትደርዞ ወዝ ይህብ፣ ኣብ ውዑይ ማይ ጽማቕ ለሚን ብመዓር ሓዊስካ ምስ እትወስዶ ካብ ሕማም ሰዓል የናግፈካ።

**ኣናናስ**

ሓደ ሰብ ዓይኑ ናይ ምሕባጥ ሕማም ኣንተሃልይዎ እሞ ናብ ምቕያሕ ገጹ ምስ ዝኸይድ ክልተ ወይ ሰለስተ ነጥቢ ጽማቕ ኣናናስ ምስ ዝገብረሉ ሸዑ ንሸዑ እቲ ሕማም ይዕገት። ብምኽንያት ኣብ ፍሕኛ ዘሎ ጸጸር ጸገም ምስ ዝፍጠር'ውን ጽሟቕ ኣናናስ ብምስታይ እቲ ጸገም ይቃለል። ቀልጢፍካ ካብቲ ሕማም ኪትፍወስ'ውን ትኽእል።

**ተምሪ**

ዋሕዲ ደም የወግድ፡ ምስ ጸባ ተወሃሂዱ ምስ ዝውሰድ ንምሕቃቕ መግቢ ይሕግዝን ሓይሊ ይህብን።

**ባናና**

ዝበሰለ ባናና ምስ ርግኦ ሓዊስካ ምስ እትምገቦ፡ ሕማም ጨጎራ ከምኡ'ውን ኣብ ፈለማ እዋን ዝርከብ ሕማም ኣልሰር ይፍውሰልካ። ዘይበሰለ ባናና ምስ ጸባ ኣፍሊሕኻ ምስ እትበልዖ ድማ ድርቀት ከብዲ የወግደልካ።

*ብርሃነ ዓንደመስቀል*

*ምንጪ፦ Readers Digest*

ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 07182662/ 07620609 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ባህርያዊ ፈወሳ ጸቕጢ ኣእምሮ [2]

### ንጸቕጢ ኣእምሮ ክፈውስ ዝኽእል መድሃኒት ኣሎ ዶ?

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ጽሑፍና፡ ጥዕና ኣእምሮ ልክዕ ከም ጥዕና ኣካላት ኣቓልቦ ክግበረሉ ከም ዘለዎን ካብ ምስ ሓመምና ሕክምና፡ ቀዲምና ጥዕና ኣእምሮና ክነከናኽኖ ከም ዘለናን ኣብሪህና ኔርና። ንጥዕና ኣእምሮ ኣገደስቲ ዝኾኑ ሓሙሽተ ኣገባባት ባህርያዊ ኣፈዋውሳ (ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ ምስሓቕ፡ ምብካይ፡ ሙዚቃ ምስማዕ፡ ማሕበራዊ ተሳትፎን ኑብስኻ ምእላይን) ብምዝርዛር ከኣ ቀዳማይ ክፋል'ቲ ጽሑፍ ዛዚምና። ኣብዚ ናይ ሎሚ ካልኣይን መወዳእታን ክፋል ጽሑፍና ኸኣ ንዝተረፉ ሸውዓተ ኣገባባት ባህርያዊ ፍወሳ ጸቕጢ ኣእምሮ ክንድህስስ ኢና።

#### 7. ምንባብ

ምንባብ ዘርዚርካ ዘይውድእ ጥቕምታት እዩ ዘለዎ። ጥቕሚ ምንባብ ትምህርቲ ምስ ጀመርና ክንፈልጦ ስለእንጅምር ግን ምስ ምኽዕባት ፍልጠት ጥራይ ኢና ነተኣሳስሮ። ብዛዕባ ጥዕና ኣእምሮ ብርክት ዝበለ ፍልጠት ምህላው፡ ንኽንክን ኣእምሮ ጠቓሚ እዩ። ይኹን እምበር፡ ምንባብ ምስ ጥዕና ኣእምሮ ዝተሓሓዘ ቀጥታዊ ካልእ ጥቕምታት'ውን ኣለዎ። መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ፡ ኣብ መዓልቲ፡ ንሽዱሽተ ደቓይቕ ተመሲጥና መጽሓፍ ምስ እነንብብ፡ ህርመት ልብናን ወጥሪ ጭዋዳታትናን ብምንካይን ኵነተ-ኣእመሮና ብምቕያርን ካብ ዝጸንሓና ጸቕጢ 60% ክጓድል ይኽእል።

#### 8. ምጽሓፍ

ብዛዕባ ጸቕጢ ፈጢሩልና ዘሎ ኩነታት ምጽሓፍ፡ ብውሽጢ ንምምሕዳሮም ዘሸግሩና ስምዒታት ኣውጺእና ኣብ ወረቐት ከነስፍሮም ይሕግዘ። ዘጨንቐና ስምዒት ክንጽሕፎ ከለና፡ ካብቲ ተሓቢእዎ ዘሎ መዓሙቕ ብምውጻእ፡ ኣብ ቅሉዕ ወረቐት ስለነስፍሮ፡ ንኽንድርኦ ዝሓሸ ይኸውን። ዘጨንቐና ዘሎ ጉዳይ ሓደ ዋላ ይኹን፡ ኣብ ሓንጎልና ግን እናደጋገምና ብብዝሒ ስለንሓስበሉ፡ ናብ ዓብን ዘይጽወር ደረጃ ክድይብ ይኽእል። ሓንሳእ ኣብ ወረቐት ምስ ኣስፈርናዮ ግን ከምቲ ሓሲብናዮ ዝጸናሕና ክብደት ዘይክህልዎ ይኽእል እዩ። ዘጨንቐና ጉዳይ ብተደጋጋሚ ምስ እንሓስበሉ፡ ዝያዳ እናተሓላለኸ ናይ ምኻድ ባህሪ ኣለዎ። ኣብ ግዜ ጸቕጢ ሓንጎልና ዝገበሮ ንጥፈት ክንቈጻጸሮ ስለዘይንኽእል፡ ናብ ዝመረሓና ኢና ንኸይድ። ኣብ ከምዚ ግዜ፡ ሓንጎልና ጉድኣት ንምንካይን ቅድመ-ምድላው ክንገብርን ኢሉ፡ ኣሉ ዝበሃል ጸገማት ክጽብጽብ ይጅምር። እዚ ኸኣ ናብ ዝበኣሰ ጸቕጢ ክምርሓና ይኽእል። ምጽሓፍ ግን ካብቲ ሓንጎልና ዝገብሮ ህውተታ ብምድሓን፡ ነገራት ብህድኣት በብሓደ ክንርእዮምን ክንሓስብን የኽእለና። ጉዳይና ሓንሳእ ኣብ ወረቐት ወይ ጥራዝ



ምስ ኣስፈርናዮ፡ ሓንጎልና 'እቲ ጉዳይ ዘድሊ ኣድህቦ ተዋሂብዎ እዩ' ብምባል፡ ካብ ብተደጋጋሚ ምጥቃሱ ወይ ምልዓሉ ከቋርጽ ይኽእል።

#### 9. ኣብ ስራሕ ምጽማድ

ምናልባት ነዚ ጽሑፍ ነንብበሉ ዘለና ምኽንያት፡ ስራሕና ጠንቂ ጸቕጢ ኣእምሮና ስለዝኾነ ክኸውን ይኽእል እዩ። ሓደ እኹል ሰብ፡ ሓደ ሲሶ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ናይ መዓልቱ ኣብ ቦታ ስርሑ እዩ ዘሕልፎ። ስለዚ፡ ቦታ ስራሕና ጠንቂ ጸቕጢ ኣእምሮና እንተ ኾይኑ፡ ሓደ ሲሶ ናይ መዓልትና ኣብ ጸቕጢ ኣእምሮ ዝፈጥረልና ኩነታት ነሕልፎ ኣለና ማለት እዩ። ዝበዝሐ ግዜ ግን 'ስራሕ' ጠንቂ ጸቕጢ ኣእምሮ ኮይኑ ኣይፈልጥን እዩ። ጠንቂ ጸቕጢ ኣእምሮ ኣብ ቦታ ስራሕ፡ ብዙሕ ክንዝርዝር ንኽእል ኢና፣ እንተኾነ እቲ ስራሕ ጠንቂ ዝኾነሉ ኣጋጣሚታት ግን ኣዝዩ ውሑድ እዩ። ስለዚ፡ ኣብ ቦታ ስራሕና ጸቕጢ ዝፈጥረልና ዘሎ እንታይ እዩ? ኢልና ምፍታሽን ምቕያርን ሓጋዚ እዩ። ኣየናይ ስራሕ እዩ ካብ ጸቕጢ ኣእምሮ ክፍውስ ዝኽእል? ኩሉ ጸማዲ ስራሕ ካብ ጸቕጢ ኣእምሮ ከገላግል ይኽእል እዩ። እቲ ፍልልይ፡ እቲ ንሰርሖ ዘለና ስራሕ 'ትርጉም ዝህበና' ምስ ዝኸውን እዩ። ኣብ ግዜ ጸቕጢ ኣእምሮ ንዓዮ ዕዮ፡ ዝበዝሐ ኣካላዊ ሃልኪ ዝሓትት ምስ ዝኸውን ተመራጺ'ዩ። ዕምባባ ምትካል፡ ምግራብ፡ ኣትክልቲ ምኽስኳስ፡ ኣከባቢና ምጽራይን ምምሕዳርን፡ እንስሳታት ምእላይን ካልእ ምስ ባህሪ ዝተሓሓዘ ንጥፈታትን ክንዓዩ ይከኣል።

#### 10. ዑደት

ዑደት፡ ብፍላይ ናብ ባህርያዊ ጽባቐ ዘለዎ ቦታታት ምኻድ፡ ንጸቕጢ ካብ ዘቃልሉ ንጥፈታት እዩ። ካብቲ ተዓቢጥናዮ ዘለና ቦታ፡ ኣከባቢን ሰብን ወጺእ ኢልና ምዕዛብ፡ ህይወት ከምቲ ንሕና ንርእያ ጸባብ ከም ዘይኮነት ከብርሃልና ዝኽእል ሃዋህው ክፈጥር ይኽእል። ኤርትራ ዓድና፡ ብባህርያዊ ጸጋታት ዝተመልአት እያ። እንተ ደሊና ጉቦታት፡ እንተ ደሊና ጉላጉል፡ እንተ ደሊና ኸኣ ገምገም ባሕሪ እናኣማረጽና ምስ ባህሪ ከነዕልል ንኽእል ኢና። ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ መንእሰያት ብብዝሒ ዘይነዘውትሮ ወለድና ግን ዘዘውትርዎ ዝነበሩ ማይ ጨሎት፡ ማይ ውዑይ፡ ኣብ ሑጻ ምቕባር፡ ... ካብ ንኣካላትና ንስነ-ኣእምሮ ዝጠቕሞ ይበዝሕ። ማሕበረ-ቊጠባዊ ደረጃና፡ ናብ ደሴታትና ከኺደና እንተ ዘይከኣለ፡ ኣብ ከባቢና ዝርከብ ልሙዕ ቦታ ካብ ምብጻሕ ግን ኣይክልክለናን እዩ። ካብ 14 መጽናዕትታት ዝተጸምቈ ውጽኢት፡ ን10 ደቒቕ ኣብ ባህርያዊ ኣከባቢ ምጽናሕ ኣእምሮኣውን ኣካላውን ጥዕናና ከም ዘበርኽ ይሕብር። እዚ ኸኣ ኣብ ሃዋኪል ኬድና'ውን ክንረኽቦ ንኽእል መድሃኒት እዩ። ባህሪ ብኣስተንትኖ ምዕዛብ ክሳብ ክንደይ ኣድማስ ወይ ፍጥረት ዓቢ፡ ጸገምና ኸኣ ኣዝዩ ደቂቕ ምዃኑ ብምዝኽኻር፡ ተስፋን ሓይልን ከስንቐና ይኽእል።

#### 11. ዝተጸገሙ ምእላይን ምሕጋዝን

ንዝተሸገረ ሰብ ፍቕርን ሓልዮትን ምልጋስ፡ ኣብ ውሽጥና ብዝፈጥሮ ሞራላዊ ዕግበት፡ ዝጸንሓና ጸቕጢ ኣብ ምቅላል ዓቢ ተራ ኣለዎ። ንኻልእ ሰብ ጽቡቕ ምግባር፡ ስለዘመርቕ ዕምሪ ይውስኽ እዩ ዝብልዎ ወለድና ኣይተጋገዩን። ብዘይካ'ቲ እንምረቖ፡ ኣብ ጥዕናና እወታዊ ጽልዋ ብምግባር ዕምሪ ከም ዝውስኽ ብሳይንስ ተረጋጊጹ ይርከብ። ንኻልእ ሰብ ብምሕጋዝ ዝፍጠር ጽቡቕ ስምዒት፡ ምስ ሓጐስ ዝተኣሳሰር ክፋል ሓንጎልና ለውጢ ከም ዝገብር ገለ መጽናዕትታት ይሕብር። እወታዊ ጽልዋ ሓልዮት፡ መጽናዕቲ ክነግረና ዘድሊ ኣይኮነን፣ ንዝጸገሞ ምስ ሓገዝና ዝስምዓና ናይ ባህታ ስምዒት ኣስተማቒርናዮ ስለንፈልጥ። ኣብ ገለ ግዜ፡ ጸቕጢ ኣእምሮ ዘስዓቦ ትርጉም ኣልቦነት ይስምዓና እዩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ግዜ፡ 'ንዝተጸገመ ምሕጋዝ'፡ ንህይወትና ትርጉም ብምሃብ ናብ ንቡር ክንምለስ ክሕግዝ ይኽእል።

ዝሓገዝናዮም ሰባት ኣብ ልዕሌና ዘርእይዎ ክብርን ምስጋናን፡ ኑብሰ-ክብርና ክብ ኣብ ምባል ልዑል ተራ ኣለዎ። ስለዚ፡ ንዝተጸገሙ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ብወለንታና ክንሕግዝ ምስ እንኽእል፡ ጸቕጥና ኣብ ምቅላል ክሕግዘና ይኽእል። ብጉጅለ ተወዲብካ ዝግበር ወለናታዊ ስራሕ፡ ዝያዳ ኣድማዕነትን ዕጋበትን ኣለዎ። ንጽጉማት ንምሕጋዝ ዝጥርነፍ ወለንታዊ ጉጅለ፡ ሓባራዊ ትርጉም ዝህብ ንጥፈት ክመሚ የድልዮ። ደም ምልጋስ፡ ንዝተጸገሙ ሓረስቶት ዓጺድ ምሕጋዝ፡ ኣብ ግዜ ሓደጋ (ባርዕ፡ ዕልቕልቕ፡ ህቦብላዊ ማዕበል፡ ወዘተ) ዝተሃስዩ ኣካላት ህጹጽ ረዲኤት ምሃብን ካልእን፡ በይንኻ ኼንካ ብዙሕ ኣስተዋጽኦ ስለዘይርከቦ ብጉጅለ ምዕያይ ይምረጽ። እቲ ብጉጅለ ዝግበር ወለንታዊ ንጥፈት፡ ካብቲ ብውልቅና ንገብሮ ንጥፈት ዝያዳ ብልጫታት ኣለዎ። ንዓና ዝመስሉ ዓርከ-መሓዛ ክንፈጥር ይሕግዝ። ኣብቲ መስርሕ ዝግበር ሓድሕዳዊ ምድግጋፍ፡ ነቲ ኣብ ህይወትና ኣጋጢሙ ዝርከብ ወጣሪ ኩነታት'ውን ተሓጋጊዛና ክንወጽኦ ከም ንኽእል ተስፋ ይህብ። ጉጅለኣዊ ወለንታዊ ዕዮና ዓቢ ጽልዋ ስለዝፈጥር ከኣ ዓቢ ዕጋበት ክፈጥረልና ይኽእል።

#### 12. ኣስተንትኖ

ኣስተንትኖ በቶም ብብዝሒ ዘዘውትርዎ ሕብረተሰብ ምብራቕ፡ "ኣእምሮ ንምምዕባል፡ ንምህዳእ፡ ንምኹላዕ ወይ ንምንቃሕ ዝግበር ስልጠና እዩ፡" ብምባል ይትርጐም። ምስትንታን ኣብ ሕብረተሰብና'ውን ኣሎ። ዋላ'ኳ ከምቲ ኣብ ምብራቕ ዝግበር ወግዕታት ኣባና ኣይሃሉ፡ ወለድና ኣብ ወጣሪ ግዜ በይኖም ፍንትት ኢሎም ዘስተንትኑሉ ግዜ ይወስዱ ከም ዝነበሩ ግን ዕላላት ኣሎ። ቀንዲ ዕላማ ኣስተንትኖ፡ ኣእምሮኣዊ ጽሬት ንምካድ እዩ። ገዛ ከነቕልቕ ከለና፡ ኣብ ገዛ ዝርከብ ኩሉ ንብረት ኣውጺእና ኢና ሓድሽ ቀለም ንለኽዮ። ኣስተንትኖ ኸኣ ብቐልል ዝበለ፡ "ኣእምሮ ክሃድእ፡ መጀመርታ ኩሉ ኣብ ኣእምሮና ዝርከብ ሓሳብ ክነውጽእ ኣለና፡" ይብል። 'ኣእምሮ ካብ ምሕሳብን ምስራሕን ከመይ ጌርካ ጥርሑ ክትገብሮ ትኽእል?' ዝብል ሓሳብ፡ ንኹሉ ጀማሪ ኣስተንታኒ በዳሂ ሕቶ እዩ። ኣእምሮና ይሓስብ እንተ ሃልዩ፡ ብዛዕባ ሕሉፍ ወይ ብዛዕባ መጻኢ እዩ ዝሓስብ ዘሎ። ስለዚ፡ ምሕሳብ ከነቋርጽ ምስ እንደሊ፡ ብዛዕባ ኣብ ኢድና ዘሎ ንጥፈት ከነድህብ የድሊ። ግራትና ንኹስኩስ እንተ ሃሊና፡ ነቲ ንገብሮ ዘለና ንጥፈት በብሓደ ነስተብህል፣ ጥቓ ግራትና ዝሓልፍ ዘሎ ሰብ፡ ኩነታት ኣየር፡ ብውሽጥና ዝስምዓና ስምዒት፡ ወዘተ እናበልና፡ ኣእምሮና

ኣብ ህሉው ንኽስተብህል ክንጸምዶ ንኽእል። ኣስተንትኖ ኩሉ ንጥፈት ደው ኣቢልና በይንና ተፈሊና ክንገብሮ ንኽእል ኢና። ኣብ ስራሕ፡ ኣብ መገዲ ብእግርና እናተጓዓዝና፡ ብመኪና እናኸድናን ካልእን ከኣ ይከኣል እዩ። እቲ እንኮ ዝድለ፡ ኣእምሮና ካብ ሓሳብ ንግዚኡ ምእላይ እዩ። ኣስተንትኖ ሓያል ጥበብ ዝሓትት ኣገባብ ፍወሳ እዩ። ኣብዚ ተጠቒሱ ካብ ዘሎ ነጥብታት ንላዕሊ ከነምብበሉን ክንመሃረሉን ምስ እንኽእል ከኣ ዝያዳ ኣድማዒ ክኸውን ይኽእል። ኣስተንትኖ፡ ኣእምሮና ምሉእ ብምሉእ ከዕርፍ ብምሕጋዝ፡ ደጊሙ ብሓድሽ ሓይሊ ክሰርሕ ዘኽእል ፍወሳ እዩ።

#### 13. ሓገዝ ምሕታት

ሓገዝ ምሕታት ዝወሓደ ኣገዳስነት ስለዘለዎ ኣይኮነን ኣብ መወዳእታ ተሰሪዑ ዘሎ። ጥዕና ኣእምሮና ብኸመይ ንከናኽኖን ንፍውሶን፡ ብመንጽር ዘለና ዓቕሚ ስለዝፈላለ፡ መጀመርያ ነብስና ክንግምም ስለዘድሊ እዩ። ምልክታት ጸቕጢ ኣእምሮ ምስ ዝረኣየና፡ ንብዓል ሞያ ክንሓትት ዝሓሸ ኣማራጺ እዩ። ሞያዊ ሓገዝ ክንረክብ ምስ ዘይንኽእል ግን ንመን ሓገዝ ንሓትት ተጠንቂቕና ክንሓስበሉ የድሊ። ጸቕጢ ኣእምሮ፡ ናይ ምግንዛብ ብቕዓትና ስለዘዳኽም፡ ኩሉ ዝወሃበና ምኽሪ ከይመመና ከነተግሮ ንኽእል ኢና። ስለዚ፡ ጸቕጢ ኣእምሮ ከነመሓድሮ ምስ እንሸገር፡ ልክዕ ከምቲ ካልእ ሕማም ብዕቱብ ብምርኣይ ሞያዊ ወይ ሕክምናዊ ረዲኤት ክንረኽበሉ የድልየና። እንታይ ዓይነት ሓገዝ ኢና ንደሊ ዘለና ቀዲምና ምልላይ፡ ንመን ሓገዝ ንሓትት ክንመሚ ይሕግዘ። ስለዚ፡ ቀዲምና ብዛዕባ ጸቕጢ ኣእምሮናን ጠንቁን ብምፍታሽ፡ ኩነታትና ምስ ፈለጥና ኸኣ ንኽሕግዘና ዝኽእል ሰብ ምሕታት ይከኣል።

**ጸቕጢ ኣእምሮ ንምቅላል ዝሕግዙ ቀለልቲ ንጥፈታት፤**

1- ኣዕሚቝካ ምስትንፋስ

2- ካብቲ ኩነታት እልይ ምባል

3- ማይ ምስታይ

4- ነብስና ብማይ ዝሑል ምሕጻብ

5- ኣእምሮና ዝሕዝ ንጥፈት (ካብ ሚእቲ ንድሕሪት ምቑጻር፡ ጌም ምጽዋት...)

6- ኣዚና ንፈትዎ ሰብ ምድዋል ወይ ምርካብ

7- ኣብ ህይወትና ዘጋጠመና ጸጽቡቑ ኩነታት ምዝርዛር

8- ብእግሪ ምጉዓዝ

9- ዘስሕቕ ፊልም (ኮሜዲ) ምርኣይ

10- ማሳጅ ምግባር።

## ታሪኽ

# ጽውጽዋያት መለኰታዊ ስርወ-ንግስነት ዘይፈደየ ንድየት




ሱልጣን መሓመድሰዒድ
7ይ ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ሰድ 'ግዙፍ ስትራተጂ ክልተ ማያት' ኢትዮጵያ ብፍላይ ከኣ እቲ "ምቹእ ተኽእሎታት እናሃለወ ክሰ፥ ህዝቢ ኢትዮጵያ ግዳይ ድኽነትን ድሕረትን ኮይኑ ምጽናሑ ኣተሓሳሰበ ከምዝኾነ፥ ሕጂ'ውን ማሕበረ-ፖለቲካዊ ሕቶታቱ ግቡእ መልሲ ክረክብ እንተኾይኑ፥ ጸጋታት ሩባ ኣባይን ውሑስ ተጠቃምነት ጥምጥም ቀይሕ ባሕርን ኣብ ፍጹም ሃገራዊ ረብሓታት ዝውዕልሉ ዕድላት ሃሰው ምባል የድሊ" ዝብል ምሉእ ሓሳብ ምስቲ ኢትዮጵያ ብሓገዝ ኣመሪካ ንወሰን ግዜ ንጥምጥም ባሕሪ ኤርትራ ተቖጻጺራ እንክላ ዝርኣየቶ ዓለም ዘይክሓዶ ናይ ጥሜት ታሪክ ብኸመይ ክቃዶ ይኽእል ዝብል ጉዳይ ኣልዒልና ነይርና። መቐጸልታኡ ደሰዕቡ–

ሓደሽ ግን ብሉይ ሕልሚ ዘስፈረ ሰድ 'ግዙፍ ስትራተጂ ክልተ ማያት ኢትዮጵያ' ከምዚ ዝብል ጽሑፍ ኣስፊሩ ንረክብ፤ "ኣብ 2018 ዝምድናና ብምስትኽኻሉ፥ ብወገን ኤርትራ ኣገልግሎት ወደብ ንምጅማር ድሉት ተረጅኦ እዩ። እዚ ግን ዘዋቒ ኣይኮነን። ብኣጠቓላሊ፥ ወሽጣውን ግዳማውን ረቛሒታት ንሕቶ ዋንነት ኣፍደገ ባሕሪ ኢትዮጵያ ደራቲዎ ጸኒሑ እዩ። ሕጂ ግና፥ እቲ እዋን ኣኺሉ ኣሎ።"

እዚ ዘረባዚ፥ ብሓደ ወገን ንእወታውን ሽርክነታውን ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ እናገለጸ፥ በቲ ካልእ ነቲ ልዕሊ 60 ዓመታት ምስናይ ልዑል ደገፍ ርእሰ ሓያላን ሃገራት ክዝዕድ ዘይክኣለ ሕልሚ ገብጣን ወረርን እንደገና ንምድጋም ዘናፍቕ፥ እቲ ፍታሕ ብስሉጣንነት ሓይሊ ጥራይ ከምዝርከብ ዘዕምፆ መልእኽቲ እዩ ዘመሓላልፍ። እቲ ሰድ ወሲኹ "ኢትዮጵያ፥ ጉድኒ ጉድኒ ወተሃደራዊ ኣማራጺ፥ ሕጋዊ መከራኸሪ ነጥብታት ሃሰው እትብለሉ እዋን ሕጂ'ዩ" ይብል። በዚ ድማ እቲ ሰድ ብሓደ ወገን ኣብ ባይታ ዘየለ ወተሃደራዊ ቀመና እናሰከፎ፥ በቲ ካልእ ወገን ንጽውጽዋያዊ ምጉት እታ ሃገር ዝድግፍ ዝኾነ ሕጋዊ መመጉቲ ነጥቢ ከምዘየለ ኣጥዩቑ ዝተረድኦ ይመስል።

እቲ ዝዓበየ ሃጓፍ ናይዚ ብዙሓት ምሁራን ኣዶም ዘዝከሩሉ ኣመታት መጻኢ.ወጥን ዝሓቖፈ.ምርምራዊ.ንድፈ-ጽሑፍ ዝተጠቐመሉም መወከሲታት ኣህጉራዊ ሕጊ ንክውንነት እታ ሃገር ጠቐለሉ ማእከል ዘይገብር ምኻኑ እዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ እዩ ሓደሽ መከራኸሪ ነጥቢ ሃሰው ምባል እቲ እንኮ ኣማራጺ ምኻኑ ከም ለበዋ ኣቕሚጡ ዘሎ። እቲ መወከሲታት፥ ንመሰል ናጻ ተጠቃምነትን ሓርነት ምንቅስቓስን ኣብ ክሊ 'ሕጊ ባሕሪ' ዝትንክፍ ጥራይ እዩ። ብሀለውን ቅቡልን ዝኾነ ጂኦግራፊያዊ ቅርጽን ኣቀማምጣን ሃገራት ኢትዮጵያ፥ ክጽዕ እቲ ክትቕበሎ ዝኸበደ ብመሬት ዝተኸበት ሃገር ምኻና፥ ብኣህጉራዊ ሕጊ፥ ካልእ ስም ክወሃባ ዝኽእል ኣይኮነን። እቲ መወከሲታት ንክውንነት ኢትዮጵያ ኣይወክልን ጥራይ ዘይኮነ ንሕቶ ዋንነት ኣፍደገ ባሕሪ ኢትዮጵያ ዝምልስ ዝኾነ ኣህጉራዊ ስምምዕ ከምዘየለ እቲ ሰድ ባዕሉ ኣስፊሩዎ ኣሎ።

ብዘይካዚ፥ ከምቲ ልዕል ኢሉ ተጠቒሱ ዘሎ፥ እቲ ሰድ ኣብ መጽሔዋኡ፥ "ካብ መወዳእታ 18 ክፍለዘመን ክሳዕ 20 ክፍለዘመን፥ ኣብ ኣጠቓቕማን ኣተረኻኽቦማን ኣህጉራዊ ሕግታት ብዙሕ ለውጥታት ዝተገብረሉ እዋን እዩ" ዝብል ትሕዝቶ ኣስፊሩ ኣሎ። እቲ ኣብዚ እዋን'ዚ፥ ኩለን ሃገራት ዝምራሓሉ ሕጊ'ውን ንሱ እዩ። እዚ ሕጂ ዘሎ ኣህጉራዊ ሕጊ ባሕሪ (Law of the sea)፥ ነዊሕ ዓመታት ብዘወሰደ መስርሕ ፍልቀት እዩ ሓሊፉ። ካብ ስምምዕ ባርሰሎና ክሳብ ስምምዕ ኒውዮርክ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታትን ንሱ ዝፈጠሮ ሓደሽ ተርእዮታት ኣብ ተጠቃምነት ወይ መሰል ዋንነት ኣፍደገ ባሕርን ምስናይ ቅርጻዊ ግርጭታቱ ኢዚ ሕጂ ዘሎ ኣህጉራዊ ሕጊ ክንደፍ ቀሰበ። እዚ 'ንድፈ ግዙፍ ስትራተጂ ክልተ ማያት' ብዝብል ስም ዝዘርገሐ ሰድ ዝጠቐሶ ዘሎ ስምምዓት (Conventions) እምበኣር ንመሰል ዋንነት ዘይትንክፍ እዩ። ስለዚ ከም ሕጋዊ መርትዖ ንኢትዮጵያ ክድግፍ ዝኽእል ስምምዓት ኣይኮነን።

እቲ ሰድ ባዕሉ ንዕሉ ነቲ ሕጋዊ ምጉት ቀቲሉ፥ ናብ ካልእ ታሪኻዊ ዝብሎ ዛዕባ ዝምለስ እዩ። ከምቲ ልሙድ ድማ ነቲ ጽውጽዋያዊ ስርው-ንግስነት'ዩ ከም ዳዊት ዝደግሞ። ሰድ ክብረ ነገስት። ብኣገላልጻ ጼሓፊ ታሪክ ዶናልድ ሌቪን (1975) ክብረ-ነገስት ዝበሃል ሰድ ናብ ሃገራዊ ቅዔ እዩ ተቐይሩ፥ ጆን ሶሬንሶን እውን እዚ ጽውጽዋያዊ ትረኻታትዚ "ኣብ ህዝቢ ኢትዮጵያዊ ሃገርነት ኣጉዳሲ ቴማ ኮይኑ እናፍቕጸለ ናብ ሰር ዝሰደደ ንጹር እምነት ክቕየር ከምዝኽኣለ" እዩ ዝገልጾ።

ኣመል ምስ መገዙ፥ እዚ ሓደሽ ሰድ ክልተ ማያት እውን ኢትዮጵያ እትብሃል ሃገር ኣብ ዘይነበረትሉ እዋን ካብ ዝተባህለ ዝኽበዕ ትረኻታት ኣቕሚጡ ንረክቦ፤ "ህላወ ኢትዮጵያ፥ ኣብ ሓይጋ ዘውድቕ ተጻብኦታት ብሩባ ኣባይን ቀይሕ ባሕርን ተሳቢቡ ዝመጽእ እዩ። ምትንሳእን ምውዳቕን ስልጣኔታት፥ ምስ ኣብ ጥምጥም ማያዊ ኣፍደገ ዝፍጠር ምዕባሌታት ቀጥታዊ ምትእስሳር ዝነበሮ እዩ። ኣዱሊስ፥ ኣብ እዋን ንግስነት ኣኽሱም ናይ ባሕሪን ንግድን መናሃርያ እያ ዝነበረት።

ኣኽሱማውያን፥ ክጽዕ ቀይሕ ባሕሪ ተመጣጢሮም ካብ ርሑቕ ምብራቕ ግብሪ ይእክቡ ከም ዝነበሩ መዛግብቲ ታሪኽ የረጋግጹ። ኣኽሱም ዝወደቐሉ ቀንዲ ምኽንያት፥ ጥምጥም ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ምቁጽጻር ጸላእቲ ሓይልታት ምስ ወደቐ እዩ። ስርወ-ንግስነት ዛገዌ ግና ቀይሕ ባሕሪ ዘይካኣሰ ወደብ ዘይለ እዩ ዝጥቀም ነይሩ። ስለዚ፥ ኢትዮጵያ እተልዕሎ ታሪኻዊ ሕቶ፥ መሰል ምውሓስ ተጠቃምነትን ዋንነትን ኣፍደገ ባሕሪ፥ ጥምጥም ባሕሪ ኤርትራን ሶማልን ዝጠቓልል እዩ' ክብል እቲ ሕልሚ ልሂቃን ኢትዮጵያ ምጽዋዕን ታኞሩን፥ ዓሰብን በርበራን ምኻኑ የግህድ።

እዚ ትረኻዚ፥ ሓቂ ደዩ ኣይሓቅን ዝብል ሕቶ ከየልዓልካ ጥራይ፥ ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ቻርተር ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ዝፈረማሉ፥ ኣብ ቅድመ-ኣፍሪቃዊ መግዛእቲ ዝነበረ ግዝኣት ንህሉው መግዛእታዊ ሕቶ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝምልስ ኣይኮነን።

ቶም ጋርድነር ብዛዕባ ሓቐኛ ክውንነት ኢትዮጵያ ክገልጽ ከሎ፥ ንታሪኻውን ህሉውን ቅርጺ ኣብ ግምት ዘእተወ ክርክር እዩ ዘልዕል። ብቓላቱ፥ "ታሪኻዊ ኣመዓብላ ኢትዮጵያ ኣብ ክልተ መሰረታውያን ሕቶታት እዩ ዝመላለስ፥ እቲ ቀዳማይ፥ ከምቲ ዝበሃል ኢትዮጵያ 3000 ዓመት ዝጸንሐ ታሪክ ዘለዋ ጥንታዊት ሃገር ድያ? ወይስ ወጽኢት ናይቲ ብስዕቲ ዝተመልአ ክጽዕ 130 ዓመት ማለት ካብ ዘመነ ስልጣን ምኒሊክ ካልኣይ ዘይካይድ ታሪክ ዘለዋ ዘመናዊት ሃገር እያ? እቲ ካልኣይ ሕቶ ድማ ኢትዮጵያ ሓንቲ ሃገር ድያ ዋላ ጥርናፈ/እኩብ ዝተፈላለያ ሃገራት?" ይብል። ብርግጽ ድማ እዚ መሰረታዊ ሕቶ ሃገርነት ኢትዮጵያ እዩ። ብክልሰ-ሓሳባዊ ዛዕባታት ዘይኮነ ከኣ ብጉብራዊ ክውንነት ዝለበሰ ኣፈብራቓት ዝምልስ ምኻኑ ፍሉጥ እዩ። ኢትዮጵያ ሃገር ድያ? ይትረፍ እቲ 3000 ኣቐጺሩ ዝብሃል ጥንታውነት ሃገርነታ፥ እተን 130 ዓመት'ከ ብሓቂ ንፍልቀት ሃገርን ሃገራዊ መንነትን ኣብቂዐናኣ ደየን? ኢትዮጵያ እንታይ እያ? እታ ብኩብዘን ካብትን ዝተኣኻኸበት ኢትዮጵያ፥ ኣካላታ ምጥፅዋም መማስ ኣብያ ካልእ ዘይናታ ድያ ከብቋምት ዘለዋ ዋላስ ነተን ብጾቱ ዝኣበዩተን ግና ከኣ ዘይወሰኑተን ሓደ ክትገብረን ክትፍትን? ዓቢ ሕቶ እዩ።

ኣብ 2030 ቀጻሪ ህዝቢ ኢትዮጵያ 150 ሚልዮን ስለዝበጽሕ፥ ከም መመጉቲ ነጥቢ ሒዙ፥ ኣፍደገ ባሕሪ ንምውናን ኩሉ ኣማራጺታት ክንወስድ ኣሎና (ስሉጣንነት ሓይሊ ዘጠቓልል ስጉምቲ) ዝብል ዘረባ ኣብይ ኣሕመድ ደኣ ኣብይ ክሽረፍ እዩ? መንግስቱ ሃይለማርያም'ውን "ሽዱሽተ ሚልዮን ሰራዊት ኩነ ንህዝቢ ኤርትራ ከሳኣ ሓንቲ ንግሆ ክኩብሮ እዩ" ኢሉ ነይሩ። እንተኾነ፥ ብዘይካ'ቲ ዘህለቐ ዓቕሚ ሰቡ ንመሳለጢ ወራራቱ ናብ ኤርትራ 12 ቢልዮን ዶላር ኣጥፊኡ'ዩ ተረፉ። ወያነ ብጉዳኡ፥ "80 ሚልዮን ህዝቢ ኢና፥ ቡን ኣሎ፥ ቁርበት ኣሎ፥ ዓቕምና ምስ ኤርትራ ኣነጻጺርካ ክርአ ኸሎ፥ ናይ ሰማይን ምድርን ፍልልይ እዩ" ኢሉ እዩ ንኩናት ተደርጊምዎ። እዚ፥ እቲ ብቐጻሊ ንዲሞግራፍያዊ ክውንነት ናይታ ሃገር ብኣሃዝ እናጠቐስካ ንህዝቢ ኤርትራን ካልኦት ሃገራት እዚ ከበቢን መርዓዊ፥ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከኣ መረሳረሲን መረሳሰንን ስለቲ ተባሂሉ ዝዘረብ ምንም ፍጻ ዘይርኣየ ንእዘዝና ጋሻ ዘይኮነ ዘረባ'ዩ። እቲ ዘሕዝን መራሕቲ ኢትዮጵያ፥ ብጠቕላላ ህዝቦም ዝሕብኡ ይመስሎም ይኸውን'ምበር፥ ኣብ ልዕሊ ህዝቦም ዘለዎም ንቀትቲ'የም ዝገልጹ። ምኽንያቱ፥ ንህዝቢ፥ ናብ ኣፍራይነት ክትመርሖ ደኣ'ምበር፥ ከም ቀሎ ኣብ ኩናት ንኽትጠብሶ ብጭጽርኻ ተሓብን ኣይትብሎን ኢኻ።


መጽሓፍ 'ሕብረተሰብኡ ካበይ ናበይ ብኸመይ' ኢዚ ዘቋርጽ ጋዛ ሕልሚ ምስ ግብረ-መልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣነጻጺሩ እንክገልጽ፥ "መንግስትን ህዝብን ኤርትራ፥ ክሳዕ ትማሊ ንኩሉ ናይ ሰላም እማመታት ሓንጎፋይ ኢሎም እዮም ዝቕበልዎ፥ ኒታ ወደቓት፥ ተሰበረት፥ ተበተነት እትብሃል ኢትዮጵያ ንምድሓን ከኣ ዝሓለፈ ጸገማት ኣወዝዚፎም፥ ጸጺሖም በጨቕ ንዝብል ሕልምታት ዕንደራ ጸማም እዝኒ እናሃቡ ምቕሉል ኣበርክቶኦም እናገበሩ ይኸዱ ኣለው። ይኹን'ምበር፥ ኩሉ ኢትዮጵያዊ ከዘንግዖ ዘይብሉ፥ ኤርትራውያን ሕሉፍ ኣይረሳዕናዮን! ናይ ሰላም ኣፋፍኖት እናርኣና፥ ንድሕሪት ክንምለስ እኳ እንተዘይደለና፥ ከምቲ 'ሓንሳእ ዝዓመጸካ ዓሻ'ዩ፥ ክልተ ግዜ ክዓምጸካ ምፍቃድ ግን ናትካ ዕሽነት እዩ' ዝበሃል፥ ድሕሪ ደገም ጨረቕና ክንዕሾ ኣይንኽእልን። እቶም ቀንዲ በደልቲ ጌና ይቕረ ኣይሓተቱን። በደሉ ንዘይተረድኦን ዘይኣመነን ከኣ ይቕረ ኣይበልናሉን" ዝብል ኢትዮጵያውያን ናብ ንብረ ኣተሓሳስባን ኣተዩዳን ዘመናውያን ሃገራት ክምለሱ ምሕጽንታ ኣቕሚጣ ትርከብ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሓደ ካብ ቃለመጠይቓቱ ከምዚ ኢሉ ነይሩ፥ "እቲ ብቐዳማይ ደረጃ ዝስራዕ ብድሆ፥ ኣብ ኢትዮጵያ ዝጸንሐ ኩነታት ዝገደፎ ሓድጊ (legacy) እዩ። እዚ ሓድጊ'ዚ ብመሰረቱ ተሓጺቡ ናብ ጉሓፍ ክድርበ ጥራይ ዘይኮነ ካብ ታሪኽ እውን ክድምሰስ ዘለዎ እዩ። ብኸመይ ይጠፍእ ቀሊል ከይከውን ይኽእል። ኣብ ኢትዮጵያ ሰላምን ርግኣትን ክሰፍን እንተኾይኑ፥ ቅድሚ ሕጂ ዝተፈጸመ ጌጋታት ክእረም ክኽእል ኣለዎ። ንሱ ዝፈጠሮ ኣተፋናኒ ፖለቲካ ክፍወስ ኣለዎ።" ይብል። ቀጺሉ ፕረዚደንት ኢሳይያስ "ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ለውጢ ናይ ምምጻእ ሓላፍነት ብቐንዱ ናይ ህዝቢን መንግስቲን ኢትዮጵያ እዩ። ብወገንና ከኣ ክንተሓጋገዝ ሓላፍነት ኣለና። ንክልቲኡ ህዝብታት ዘርብሕ ሃዋህው ክንፈጥር እንተኾይንና ክልተና ብሓባር ክንሰርሓሉ ዘለና እዩ። ብሓደ ወገን ነዚ ሕጽጽ'ዚ እናንየድና፥ በቲ ካልእ ወገን መሰረታት ሓደሽ ህይወትን ሓደሽ ምዕራፍን ኣንጺፍናን ነዲቕናን ንመጻእቲ ወለዶታት ናይዚ ከባቢ ማለት ኤርትራን ኢትዮጵያን ጥራይ ዘይኮነ ክጽዕኡ እውን ከምዝገልግል ክንገብር ክንሰርሕ ኣለና" ብምባል ኣብ ኢትዮጵያ ዝተፈጸመ ታሪኻዊ ጌጋታትን ሳዕቤናቱን ተኣሪሙ ሓደሽን ምዕቡልን ንኹሉ ዘርብሕን ዞባዊ ሃዋህው ንምፍጣር ኤርትራ ከም ጐረቤት ምቕሉል ኣበርክቶኣ ክትገብር ወትሩ ድልውቲ ምኻና የጸንዕ።

ይቕጽል . . .

## ለምሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:40 | ሃሎ ቆልዑ |
| 10:15 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ምኽሪ ሞያውያን |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | ዶክመንት |
| 17:30 | ሳይዳ |
| 18:30 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ረብዓት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተኩኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

## ሻብዓይን መወዳእታን ክፋል

## እተን ኮንጎ-ጫማ ዛንታ

"ጥብ ብድሕሪ እተን ባድላ ምኽፋልካ'ኸ ንሳሙኤል ረኺብካዮ ትፈልጥዶ?" ኢሉ ሕቶኡ ቀጸለ።

"እተን ባድላ ምስ ከፈልኩሉ ድሕሪ ክልተ ወርሒ ኑተን ባድላ ተኸዲኑ ረኺበዮ፣" እንጅነር ሰሎሞን ኣብ ዝኸሪ ጥሒሉ ክምስ በለ።

"ሽዑ'ኸ ኣዘራሪብካዮዶ?" ኢሉ ዛንታ ኣቦኡ መሲጥዎ መቐጸልታ ንኽፈልጥ ሓተተ።

"እወ ሽዑስ ሰላም ኣበልዮ። ብሓደ ኮፍ ኢልና ኣዕሊልና። ቡቲ ከኒታት ኣመና ተገሪሙ። ሓቂ ምዝራብ እቲ ዝዘበረለይ ሰናይ ነገር ከምገን ኣይዘከሮን። ፈጺሙ ረሲዕዎ። ብዛዕባ እተን ባድላ ክልተ ወርሒ ዝኣክል ንኸሎም ፈለጥቱ ከምዝዕለሎም ነጊሩኒ። ኣነ ድማ ቅሳነት ተሰሚዑኒ። ሰናይ ዝገበረ ሰናይ እዩ ዝረክብ ኢሉ ወደይ፣" ዝኸሩ ንወዱ ብምዕላሉ ብሓጎስ ተመልአ።

"እዋይ ጥብ ንሱ ኮንጎ ዝኣልካ ንሽካ ግን ባድላ ዝእኣለ። ናትካ ኣይከብርን? ኮንጎ እኳ ሓሙሳ ናቕፋ እዩ ዋግኡ። ባድላ ግን 2,000 ናቕፋ፣" ኢሉ ኣብ መንጎ ባድላን ኮንጎን ዘሎ ናይ ዋጋ ፍልልይ ኣወዳደረ።



"ኢሉ ወደይ ምሃብ ብገንዘብ ኣይዕቀንን እዩ። ንሱ ኣብታ ግዜ እቲኣ ንዓይ እተድልየኒ እሞ ክገዝኣ ዘይክእልኩ ነገር እዩ ዝኣለይ። ኣብቲ ግዜ'ቲ እታ ኮንጎ ንዓይ ኣዝያ ዓባይ እያ። ንሱ ድማ ባድላ ይገዝእ ነይሩ። ገንዘብ ከምገን ነይሩዎ። ኣነ ግን ንሱ ሰለዝሰኣነ ኣይኮንኩን ከፊለሉ። ሕልናይ ክዓግብ እየ ከፊለሉ። ስለዚ ምሃብ ብብዝሒ ኣይዕቀንን እዩ። ምሃብ ምሃብ እዩ። ሚልዮን ዘለዎ ሽሕ እንተሃበ፣ ዓሰርተ ናቕፋ ዘለዎ ሓሙሽተ ናቕፋ እንተሃበ ኣየናይ ይበዝሕ? ብቑጽሪ ሽሕ ይበዝሕ። ብዝለዎም ትሕዝቶ ግን እታ ሓሙሽተ ትበዝሕ።

## ዛንታ

ኢሉ ወደይ ክትህብ እንክለኻ ቁጽሪ ኣገዳሲ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ኣብቲ እትህቦ ዘሎ ፍቕሪ፣ ሓልዮት፣ ሰናይ ነገር ንሱ ይዓቢ። ካብቲ ኣነ ዝገበርኩሉ ናቱ ይዓቢ፣" እንጅነር ሰሎሞን ንወዱ ከረድእ ኣስፊሑ ተዛረበ።

"ኣሃ ሕጂ ተረዲኡኒ፣" ኢሉ ሓሰበ።

"ድሕሪ ሕጂ ብዛዕባ እዘን ኮንጎ ክትሓተኒ ኢኻ ኣለ ኣይሓሰብን እየ፣" እንጅነር ንወዱ ብፍቕሪ ጠመቶ።

"ክሓተካ እየ ጥቡ፣ በዚ ዛንታ ናይዘን ኮንጎ ዓቢ ትምህርቲ ቀሲመ ኣለኹ። ጥብ ንኻልኦት ቆልዑ'ኸ ኮንጎ ዝእካ ትፈልጥዶ?" ኢሉ ንኣቡኡ ብፍቕሪ እናጠመተ ሓተተ።

"እወ ዝኣ እፈልጥ። ካብ ናብ ወርሓዊ ደሞዘይ ንሓደ ሰብ ሓንቲ ኮንጎ እገዝእ እየ። እታ ሓንቲ መዓልቲ ዝተግበርትለይ ሰናይ ነገር ፈጺመ ኣይርስዓን እየ። ስለዝኾነ ወርሓዊ ኣተግባብራ እዩ።"

"ጥብ ኣነ'ኸ እንታይ ክገብር እዩ ዘለኒ?" ኢሉ ካብ ኣቦኡ ምኽሪ ተጸበየ።

"ኢሉ ወደይ ህይወት ደቂ ሰብ ተመላለእካ እያ። ስለዝኾነ ከምዚ ካብ ዛንታይ ዝተመሃርካዮ ኣብ ልቢ ሰብ ክትሰፍር ክትጽዕር ኣለካ። ምስ ደቂ ገዛውትኻ፣ ቤት ትምህርትኻ ተሓጋገዙ። ብዓቕምኻ ንሰባት ሓግዞም ኣብርክት። ህይወት ተቐያሪት እያ። ክሕግዘ ዘይክእልን ሓገዝ ዘይደልን ፍጡር የለን። ብህይወት ክሳብ ዘለኻ ድማ ዛንታ እዘን ኮንጎ ዘክረኒ" እንጅነር ሰሎሞን ክምስ ብምባል ዘረባኡ ዛዘመ።

"ሕራይ ጥብ ኣብ ልቢ ሰባት ሓወልቲ ንኽሰርሕ ክጽዕር እየ፣" ብምባል ኣብ ሕቑፊ ኣቦኡ ተሸጎጠ። ክልቲኦም ብሓጎስ ተመሊኦም ሰሓቑ። ዛንታ እተን ኮንጎ እዚ'ዩ። ዛንታ ፍቕሪ፣ ዛንታ ሓልዮት፣ ዛንታ ሕውነት፣ ዛንታ ሰብ ምዃን!

ተፈጸመ።

መበገሲ 'ዛንታ እተን ኮንጎ ጫማ' ኣብ ሓቀኛ ፍጻመ ዝተመርኮሰ እዩ። ንፈጻሚ እዛ ዛንታ ኣቶ ሳሙኤል ብልቢ ኣመስግን!

## ተዓወትቲ መበል 12 'ውድድር ተርሙማ' ተሸሊሞም!!

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ዓምዲ ተርሙማ፣ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ መበል 12 ውድድር ተርሙማ ኣካይድና ምንባርና ዝዝከር እዩ። ዕዉታት መበል 12 ውድድር ብዕለት 08-12-2024 ኣብ ኣዳራሽ ዳዕሮ ዝተዳለወሎም ሰርቲፍኬት ንምቕባል ጸምብል ተኻይዱ።

መደብ ከምቲ ልሙድ ብዝኽሪ ሰማእታት ተጀሚሩ። ድሕሪ ዝኽሪ ሰማእታት ኣዳላዊ ዓምዲ ተርሙማ፣ ያቆብ መርሃዊ (ጃክ) መድረኽ ተረኪቡ፣ ንተዓወትቲ ተመሃሮን ወለድን እንቋዕ ኣሓጎሰኩም ብምባል፣ "... ኣብ መበል 12 ውድድር ተርሙማ ካብቲ ዝሓለፈ ውድድራት ዝበለጸ ውጽኢት ዝተመዝገበሉ ውድድር ነይሩ። 27 ምሉእ ነጥቢ ከምጽኡ እንከለዉ 34 ድማ ሓንቲ ጥራይ ተጋግዮም። እዚ ድማ ውድድር ተርሙማ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ይኸይድ ምህላዉ የርእየና።... ኣብ መበል 12 ውድድር 178 ተወዳደርቲ ካብ ኣርባዕተ ዞባታት ነይሮም። ካብቲ ዝተዋህበ ሕቶታት ቋንቋ 91.1%፣ ሕቶታት ታሪኽ ኤርትራ 90.9%፣ ሕቶታት ቁጽሪ 100%፣ ሓፈሻዊ ሕቶታት 85% ብጠቕላላ ድማ 90.32%



ልክዕ መልሲ ተመሊሱ። ዝበዝሐ ጌጋ ዝተረኽቦ ሕቶታት ሓፈሻዊ ሕቶታት እዩ። ኣብ ሕቶታት ቋንቋ ዝበለጸ ውጽኢት ተራእዩ፣ ሕቶታት ቁጽሪ ከም መቐሸሽ ስለዝኾነ ብኹሉ ተመሃራይ እዩ ዝምለስ።

"…. ተወዳደርቲ ካብ ኣርባዕተ ዞባታት ተሳቲፎም። ካብ ዞባ ደ.ቀ.ባሕርን ሰ.ቀ.ባሕርን ተወዳደርቲ ኣይነበሩን። ተዓወትቲ ካብ ዞባታት ማእከል፣ ደቡብ፣ ዓንሰባን ጋሽ ባርካን እዮም። ...ከም ወትሩ ዕላማ ውድድር ተርሙማ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ናይ ምውድዳር መንፈስ ምሕዳርን ናይ ንባብ ዝንባለ ንምዕባይን ስለዝኾነ 27 ዕዉታት



ክሸለሙ እዮም።.... ንተሓባበርቲ ስለቲ ዝገበርዎ ኣበርክቶ ብልቢ ነመስግን!" ብምባል መደርኡ ዛዚሙ።

ድሕሪ ኣዳላዊ ዓምዲ፣ ኣቦ ክልተ ዕዉታት ኣቶ ኣድሓኖም ትኳቦ መድረኽ ተረኪቡ።

ኣቶ ኣድሓኖም ትኳቡ፣ "...መጀመርታ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ንኣንበብቲ ንምምሃርን ጽልዋ ንምሕዳርን ንእትገብሮ ዘላ ጻዕሪ ብልቢ ኣመስግን። ኣብ መበል 12 ውድድር ተርሙማ ክልተ ደቀይ ተዓዊቶም። እዚ ዓወት'ዚ ድማ ንምልእቲ ስድራና ዘሐጎሰና ዓወት እዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ደቅና መጽሓፍቲ ንኽፍትሹ ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ...ውድድር ተርሙማ ኣብ ኣፍልጦና ይኹን ኣተሓሳስባና ዓቢ ጽልዋ ትገብር ኣላ። ዝሕቶታት ክንምልስ ዘየንበብናዮን ዘይተወከስናዮን የለን። ንእግረ መገድና ብዙሕ ፈሊጥና። ንኣባላት ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ንእትገብርዎ ዘለኹም ጻዕሪ ኣድንቕ። ቀጽልዎ ንሕና ድማ ተሳቲፍና ክንቅጽል ኢና... የቐንየልና!" ብምባል ሓሳቡ ብሓጎስ ኣካፈለ።

ድሕሪ ኣቶ ኣድሓኖም፣ መድረኽ ዝተረከበት፣ ዕውትቲ ተመሃሪት ቤትኤል መድሃኔ፣ ካብ ከተማ ኣስመራ እያ።



ተመሃሪት ቤትኤል መድሃኔ ምስ ኑብኣ ድሕሪ ምልላይ፣ "...መጀመርታ የቐንየለይ። ቀጺለ ኣብ ውድድር ተርሙማ ምዕዋተይ ኣዝዩ ተሓጒሰ ኣለኹ። ውድድር ጸቡቕ ነይሩ። ሓሙሽተ ግዜ ፈቲነ ሎሚ ድማ ተዓዊተ። ንሕቶታት ውድድር ተርሙማ ምስ ሰድራ ኴንና ኢና መሊስናዮ። ተዓዊትኪ ምስ ተበሃልኩ ኣዝዩ ተሓጒሰ። እዛ መዓልቲ ብዙሕ ግዜ እየ ተጸቢየያ። ኣብ ዝቐጽል ክሳተፍ እየ። ብዙሕ ትምህርቲ ንረክብ ስለዘለና ቀጽልዎ። ንእትገብርዎ ጻዕሪ ብልቢ ኣመስግን የቐንየለይ" ብምባል ሓጎሳ ገለጸ።

ብድሕሪ እዚ፣ ምዕዳል ሽልማት ሰዒቡ። ናይ መበል 12 ውድድር ናይ ክብሪ ዕዱም ደራሲ ዓንደሚካኤል ሰሎሞን እዩ። ንዕዉታት ተሳቲፎም ብምድናቕ ከምዚ ዓይነት ውድድር ንተመሃሮ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኣብ መጻኢ ህይወቶም ዓቢ ረብሓን ስለዘለዎ ክድፍኡ ኣዘኻኺሩ። ቀጺሉ ከም ተመሃሮ ብዛዕባ ክገብርዎ ዘለዎም ብምሕባር፣ ብዛዕባ ሃብታም ባህሊ ኤርትራ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ፣

"…. እዚ ዓወትኩም ብቐሊሉ ዝመጽአ ኣይኮነን። ንኽትዕወቱ ብዙሕ መጽሓፍቲ ፈቲሽኩም፣ ንኽትዕወቱ ንብዙሓት ሰባት ሓቲትኩም ኣለኹም...። ስለዚ ዓወት ብቐሊሉ ስለዘይርከብ ኣብ ኩሉ ህይወትኩም ንኽትዕወቱ ጥንቁቓት፣ ትጉሃትን መስተውዓልትን ክትኮኑ ይግባእ። ስለዚ ህይወትኩም ምሉእ ብሓጎስ ንኽቕጽል ኣብርቲዕኩም ስርሑ። ግዜኹም ድማ ብግቡእ ተጠቐምሉ፣" ድሕሪ ምባል፣ "ህዝቢ ኤርትራ ኣዝዩ ሃብታም ባህሊ ዘውንን ሕብረተሰብ ብምዃኑ ነዚ ዘሎና ሃብታም ባህሊ ፈሊጥና ክንኣብሮ ይግባእ። ሕብረተሰብ ባህሉ እንተዘይፈሊጡ ብናይ ካልኦት ባህሊ ስለዝዕብለል ኣዚኹም መስተውዓልቲ ክትኮኑ እላቦ። ብቐጸልንትንኡ ምዕባለ ባህሊ ስለዘለና ባህልና ፈሊጥና ንኻልኦት ከፍልጥ ክንጽዕር እላቦ" ብምባል ንዕዉታት ሰፊሕ ምዕዶ

ለጊሱ። ጋዜጠኛን ስነ-ጥበበኛን ሊድያ በረኸት'ውን ንዕዉታት ተወሳኺ ምዕዶ ለጊሳ።

ኣብ መወዳእታ ዕዉታት ዝተዳለወሎም ምስክር ወረቐት ካብ ደራሲ ኣቶ ዓንደሚካኤል ሰሎሞን ተቐቢሎም።

ድሕሪ ምዕዳል ሽልማት ድማ መደብ ብሃገራዊ መዝሙርን ናይ ስእሊ መደብን ብደስ ዝበል ሃዋህው ተዛዚሙ።

ኣዳላዊ ዓምድን ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራን ንማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማመተኤ ደገምና ነመስግን!

## መልሲ ውድድር ተርሙማ

ሀ. ሕቶታት ቋንቋ

1. ማይ ጨባ
2. ወረጦ
3. ዓይበት
4. እንተላም
5. ሓሬት

ለ. ሕቶታት ታሪኽ ኤርትራ

1. ባሕሪ ነጋሲ/መረብ ምላሽ
2. 1557-1840ታት ዓም
3. ጊስከን ዳብሬንትን፣ ጀርመን
4. 1982 ዓም፣ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ
5. 1994 ዓም

ሐ. ቁጽሪ ምልኡ፤ ሀ. 9 ለ. 8

መ. ሓፈሻዊ ሕቶታት

1. ገዛ ኣስመዓ፣ ገዛ ሸለል፣ ገዛ ግሮቶም፣ ገዛ ስርንስር
2. ብሽታኡ
3. ፖርቱጋል
4. ኤቢ (AB)
5. ኣውስትራልያ

## ዕዉታት ውድድር ተርሙማ

| ቁ | ምሉእ ስም ዕዉት ተመሃራይ | ደ. ት | ዞባ |
|---|---|---|---|
| 1 | ባትሴባ ኤልያስ | 8 | ማእከል |
| 2 | ኣቢጋይል ኣድሓኖም | 7 | ማእከል |
| 3 | ኤስሮም ኣድሓኖም | 4 | ማእከል |
| 4 | ኤሊም እስቲፋኖስ | 2 | ማእከል |
| 5 | ኣልማዝ ሰለሞን | 7 | ማእከል |
| 6 | እልልታ ሰለሞን | 6 | ማእከል |
| 7 | ደሊና ሰለሞን | 3 | ማእከል |
| 8 | ዳኒኤላ ኣብርሃም | 5 | ማእከል |
| 9 | ሄኖስ ዳኒኤል | 9 | ማእከል |
| 10 | ረያን ዓብደልዋስዕ | 1 | ማእከል |
| 11 | ሉልያ መብራህቱ | 6 | ማእከል |
| 12 | ብርሃነ በረኸት ተኽስተ | 5 | ማእከል |
| 13 | ተስፋ ዳኒኤል | 4 | ማእከል |
| 14 | ቤትኤል መድሃኔ | 7 | ማእከል |
| 15 | ናታን መድሃኔ | 5 | ማእከል |
| 16 | ህያብኤል ዓወት | 9 | ማእከል |
| 17 | ረያን ሱልጣን | 11 | ማእከል |
| 18 | ሩት ተወልደመድህን | 6 | ማእከል |
| 19 | እሰይ ኣምበሳጅር | 4 | ማእከል |
| 20 | ለውሃት ምስጉን ሃይሉ | 2 | ዓንሰባ |
| 21 | ብሩኽ ምስጉን ሃይሉ | 4 | ዓንሰባ |
| 22 | ኣርያም ዮውሃንስ | 9 | ደቡብ |
| 23 | ቢንያም ደግያ ገብረሃንስ | 7 | ደቡብ |
| 24 | ሲዶና ደበሳይ ገብረስላሴ | 9 | ደቡብ |
| 25 | ሉሉንዳ ዜናዊ የማነ | 1 | ጋሽ ባርካ |
| 26 | ሚልክያስ ኤፍሬም | 8 | ማእከል |
| 27 | ኣርማና ዜናዊ የማነ | 5 | ጋሽ ባርካ |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

AZEL PHARMACEUTICAL Sh. Co.

ዕለት:-03/12/2024

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ጨረታ
## ምልክታ ጨረታ
### ቀረብ ኣሕምልትን ፍረታትን ሃለኽቲ ኣስቤዛን

ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት ኣብ ከረን ንዝርከብ ካፈተርያ ዝኸውን ኣሕምልትን ፍረታትን ሃለኽቲ ኣስቤዛን ካብ ወርሒ ጥሪ 01/2025 ክሳብ ታሕሳስ 31/2025 ክቕርቡ ዝኽእሉ ኣቕረብቲ ከወዳድር ስለ ዝደለየ ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎም ግዱሳት ተጫረትቲ ንኽወዳደሩ ይዕድም።

ተጫረትቲ ክማልእዎ ዝግብኦም ቅጥዕታት

1. ተጫረትቲ ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎም ኮይኖም ናይ 2019 ፍቓድ ንግዲ ዘሐደሱን ግብሪ መንግስቲ ናይ 2024 ከም ዝኸፈሉን ብሰነድ ከረጋግጹ ኣለዎም።
2. ተጫረትቲ ዘቕርብዎም ሰነዳት ብመበቆላዊ (original)ን ቅዳሓትን ኮይኖም፡ ኩሎም ሰነዳት ምስ ቀረቡ መበቆላዊ ሰነዳት ተመላሲ ይኾኑ። ቅዳሕ ድማ ኣብ ትካልና ይተርፍ።
3. ተጫራቲ ወኪል ምስ ዝኸውን ናይ ቤት ፍርዲ ሕጋዊ ውክልናን ቅዳሕ ሃገራዊ መንነትን የቕርብ።
4. ተጫራታይ ኩሉ ብቕዓቱ ብሰነዳት የረጋግጽ። ንኣብነት (ኣብ ግዜ ናይ ምቕራብ ብቕዓት፡ ፋይናንስዊ ብቕዓት፡ ሕሉፍ ተመኩሮ ኣገደስቲ መምዘኒታት ስለዝኾኑ ብሰነዳት ኣሰንዩ ምቕራብዎም ኣገዳሲ ይኸውን።
5. ተጫረትቲ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል፡ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሮም ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ጽሕፈት ኣስመራ ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት ከወስዱ ይኽእሉ።
6. ተጫረትቲ ኣብ ጨረታ ንምስታፍ 5,000.00 ናቕፋ ( ሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋ) ትሕጃ ጨረታ (Bid security) ብጥረ ገንዘብ ወይ'ውን ብCPO የትሕዙ። ኣብ ጨረታ ምስ ዘይዕወቱ ተመላሲ ይኸውን።
7. ተጫራታይ ኣብዚ ጨረታ'ዚ ዕዉት ምስ ዝኸውን 100,000.00 ናቕፋ (ሚእቲ ሽሕ ናቕፋ) መተግበሪ ጨረታ (performance guaranty) ብCPO ኣስመራ ኣብ ዝርከብ ሕሳብ ትካል መፍረ መድሀኒት ትሕጃ የትሕዝ።
8. ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላት ተጫረትቲ ናይ ጨረታ ሰነዳቶም (offers) ብመሰረት ተዳልዩ ዘሎ ናይ ጨረታ ሰነድ መሊኦም ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 10 ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ኣስመራ ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈትና ጨረተኦም ብማሕተም ኣሰንዮም ምሉእ ሰነዳት ብዝተዓሸገ ፖስታ የቕርቡ።
9. ጨረታ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ድሕሪ 10 ናይ ስራሕ መዓልታት ኣስመራ ካብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት፡ ልክዕ ሰዓት 9:00 ቅድሚ ቀትሪ ይኽፈት። ዝኾነ ለውጢ ናይ ግዜ ምስዝግበር ድማ ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ኣዘል ንተጫረትቲ ብጽሑፍ/ወይ'ውን ብተሌፎን ይሕብር።
10. ዝኾነ ተጫራቲ ተወሳኺ መብርሂ ሓበሬታን ምስ ዝደሊ፡ ጨረታ ቅድሚ ምኽፋቱ ዘሎ ግዜ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት ኣስመራ ኣብ ታሕቲ ኣብ ዘሎ ኣድራሻ ተጠቂምካ ምውካስ ይከኣል።
11. ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት፡ ጨረታ ብኸፊል ወይ'ውን ብምሉኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኣድራሻና፡
ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት ከረን
P.O.Box 89
Tel. + 291 1 401994/400234
ኣስመራ ቤት ጽሕፈት ኣዘል
P.O.Box 6799
Tel + 291 1 120028 -120029

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕላ

ኣማር ስዕዲ ዓብደልዓለም፡ ስም ኣደይ ሳባ ተወልደ መድህን ምባል ተረፉ፡ ሳባ ተወልደብርሃን ጉብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን2/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሃብተገርግሽ ጉብረዝጊ ጉብረጻድቕ፡ ኳሊይ ሉተኪዳን ሃብተገርግሽ ጉብረዝጊ ስለዝተሰውኣት፡ ናይ ኣደ ሰውእቲ ኳሊይ ኣድራሻኣ ስለ ዘይተፈለጠ ናይ ሞግዚት ንዓይ ክወሃበኒ ስለ ዝበለ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ዘቃወም እንተሎ፡ ን13/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ስም ት/ዕድመ ወደይ ሰዒድ ሽሞስዒን ሰዒድ ምባል ተረፉ፡ ሰዒድ ሸምሰዲን ሸምመሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን6/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቖርደት

መንደር ኾወደዎስ ሳምረ፡ ስም ኣደይ ሱሳት መሓመድ ሓምድ ምባል ተረፉ፡ ዓፊት መሓመድ ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን6/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ንሳልሳይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ንሓዲ ዓመት (2025) ዘገልግሉ ስዒቦም ዝቐረቡ ዓይነታት ማለት፡
1. ፍርያት ወጽኢት ጸባ
2. ቃንጥሻ (Mushroom)
3. ሓሸማ ወጽኢት ሓሸማ
ክቕርቡ ዝኽእሉ ሕጋውያን ነጋዶ ይዕድም።
ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም
- ናይ 2019 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ መንነት ፎቶ ኮፒ
ናይ 2024 Clearance ካብ ዕዳ ነጻ ምኻኖም ዘረጋግጽ።
ነፍሲ ወከፍ ተጫራታይ መኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 30,000 ናቕፋ C.P.O የትሕዝ።
- ምልክታ ጨረታ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልታት ቀዳም ወሲኹ ክፉት ኮይኑ፡ ንጸባሒቱ ሰዓት 3:30 ድሕሪ ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቤት/ጽ/ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ይኽፈት።
- መግለጺን ቅጥዕን ዝቐርብ ዝርዝራት ካብ ቤት ጽ/ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚርኩም ክትወስዱ ትኽእሉ።

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ውዕል ኣገልግሎት እንዳ ሻሂ ንተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ካብ 01/ታሕሳስ/2024 ክሳብ 31/ታሕሳስ/2026 ኣገባብ ዕድጊ፡ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ ኑፍሒ ካብ 01/ታሕሳስ/2024 ክሳብ 31/ታሕሳስ/2026 ንተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ኮሌጅ ናይ እንዳ ሻሂ ኣገልግሎት ከጫርት ስለዝደለየ፣ ንሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም።

1. ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ ኑፍሒ፡ ንሕጋውያን ወሃብቲ ኣገልግሎት ሻሂ፡ ብመሰረት ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ ኑፍሒ ዘቕረቦ ዝርዝር ሃለኽቲ፡ ዋጋ ናይ ነፍሲ ወከፍ ዝቐርብ ሃላኺ ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ወሃብቲ ኣገልግሎት ሻሂ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፡ ቅዳሕ ታሲራ ከምኡ'ውን ቅዳሕ ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፈልሉ ሰነድ (clearance) ናይ 2023 የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ፡ ናብ ኣሃዱ ዕድጊ ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ ኑፍሒ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 08202691 ብምድዋል፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ክረኽቡን ናይ ጨረታ ሰነድ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክወስዱን ይኽእሉ።
5. ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን20 መዓልተት ክፉት ኮይኑ፡ ኣብ መበል 20 መዓልቲ ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወኪልቲ፡ ስነስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ኣብ ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ ኑፍሒ ይኽፈት። ደንጕዩ ዝቐረበ ጨረታ ተቐባልነት የብሉን።
7. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 50,000 (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ) ብ C.P.O ኣትሒዞም የቕርቡ።
8. ጨረታ፣ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘኣዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ ኑፍሒ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓልወ እዩ።

ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ -ኑፍሒ
ቁ.ሳፖስታ 344 ኣስመራ
ቁጽሪ ስልኪ 08202691/08371122

# መልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ስዕዲ መሓመድ ዘይኑ መሓመድ፡ ተኸሳሲ ሓወይ ሳልሕ መሓመድ ዘይኑ መሓመድ፡ ደቂ ስለዘይበልዩ ይጸወዓለይ ስለዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ብስራት ተወልደ ተስፋይ፡ ብዓል ቤተይ ኤልያስ ቀለታ ጊላዝጊ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ/47 ይቕረብ።

ተኸሳሲት፡ ወረ/ፍ ኣሕመድ ቁስሙላህ፡ ወ/ሮ ሐርያ መሓመድ 7፡ ከምኡ'ውን ወረ/ፍ መሓመድኑር ቁስሙላህ፡ ወ/ሮ ሳዕድያ ኣሕመድ +6 ናይ ስም ምትሕልላፍ ናይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.33 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጡ።

ኣብ መንጎ ይግባይ በሃልቲ ተኸሲት የማን +5 ወዘተ. መልሲ ታደሰ ዑቕባዝጊ ገ/ስላሴ ዘሎ ናይ ሲቪላዊ ጉዳይ ክርክር፡ ይግባይ በሃልቲ ኣቶ ማቲዎስ ጸጋይን ኣቶ ኣማኒኤል ተኸለን ን22/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጡ።

ኣቶ የሴፍ መሓመድኑርሃን ሰዒድን ወ/ሮ ራህሕማ ዓብዱ ያሲንን ብመንገዲ ከሳሲት ወ/ሮ ዘምዘም ከሊፋ መሓመድኑር፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ኣብ ልዕሌኹም ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጡ።

ሜሮን ተወልደ በርሀ፡ ኣዮና ተወልደ በርሀን ኣዴና ጸገ ጉብረኪዳንን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ምብራቕ ተኪኤ ጉብረኣብ፡ ስም ኣቦ ናይ ኣደይ ተስፉ ምግባል ተሪፉ፡ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ወረደምሕረት ሰለሞን ኣብርሃም ምግባል ተሪፉ፡ ሚልየን ሰለሞን ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ዑመር ሓሰን ኣሕመድ ምግባል ተሪፉ፡ ዑመር መሓመድሓሰን ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ፊሊሞን መንግስ ጉብረማርያም ምግባል ተሪፉ፡ ፍሊሞን መንግስትኣብ ጉብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ከሰስቲ፡ 1.ኣቶ ዘርኣብሩኽ መሓሪ ጉብሩ 2.ኣቶ ሰመረ መሓሪ ጉብሩ 3.ኣቶ ሄኖክ መሓሪ ጉብሩ ብወኪል ኣቶ ሰመረ ጉብሩ፡ ተኸሰስቲ፡ 1.ጉብረእግዚኣብሄር መሓሪ ጉብሩ 2.ወልዱ መሓሪ ጉብሩ 3.ስምረት መሓሪ ጉብሩ 4.ብርሃ መሓሪ ጉብሩ 5.ራህዋ መሓሪ ጉብሩ 6.ሓዳስ መሓሪ ጉብሩ 7.ፊልሞን መሓሪ ጉብሩ 8.ፍኖሪ መሓሪ ጉብሩ ናይ ምቕሊት ውርሲ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጡ።

ወ/ሮ ትምኒት ክፍለ ዑቕባጋርግሽ፡ ብዓል ቤተይ ብርሃ ቆስጣንጢኖስ ተስፋማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጆርጃም ዘካርያስ ካሕሳይ፡ ብዓል ቤተይ ሃብታይ ክብሮም ዘርኡ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ርግኣት ተስፋኣለም ገሌ፡ ብዓል ቤተይ ቴድሮስ ካሕሱ ብርሃ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ወልሸ ዓንደማርያም በርሀ፡ ብዓል ቤተይ ማስመር ተወልደ ሰዩም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ደባርዋ

ወ/ሮ ኣለን ተኸለሃይማኖት፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ ክፍለ ተላ ጎሎም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይተመናይ ጎደና 820 ቁ ገዛ 11 ብቁ. ምስክር ወረቐት 105526 መወከሲ. ቁ. 100586/100587 ሽላ ገዛ 8 ቀንዲ ክፍሊ 6 ተሓጋገዝቲ ክፍሊ ዝተደኮነ ፕሎት 49 ፓርሰል E ብስም ነ/ሄር ብርሃ ቀላቲን ወ/ሮ ልዕል ወልደኪዳንን ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝረኸብናዮ ናብ ስምና ከሲጋገር ስለዝኾንና፣ ዝቃወም እንተልዩ፡ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተነይሩ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተራልን ቤ/ጽ ኖታሪን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘሎና መተእማመኒ ኦርጂናል ሰነዳትና ጉዳይና ክንውድእ ምዃንና ንሕብር።

ነጋሲ ብርሃ ቀላቲ +6

---

ኣነ ኒጎ ሓድግንበስ ተሰማ ዝተበሃልኩ፡ ካብ ወለድና ነ/ሄር ሓርግንበስ ተሰማን ነ/ሄት ሓጅር ባህታን ብውርሲ ዝረኸብናዮ ቀዋሚ ንብረት ገዛ ኣብ ምም/ ከባቢ ኣባሻውል ሓደሽ ዓዲ ቁ/ገዛ 70 ቀንዲ ክፍሊ 2 ዝተሰረሓሉ ብናይ ኮምሽን ምጽራይ ኣባይት ም/ወረቐት 119280 መ/ቁጽሪ 127615/127654 ዝተረጋገጸ ዝ. ንብረት'ዚ ካብ መዋርስተይ ስለ ዝዓደግክዎ'ሞ ናብ ስመይ ከሲጋገር ስለ ዝደለኹ፣ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተኣዊጁ ዝቃወም እንተልዩ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ወይ መንግስታዊ ኣካል ሕጋዊ መአገዲ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ (30 መዓልቲ) ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን የቕርብ።

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ብቑጽሪ መለለዪ ንብረት ASD00008276 ብቑጽሪ ፓርሰል ASP00006861 ስፍሓት ፓርሰል 180.00 ት/ሜ ዘለዎ፡ ኣብ ጎደና 114-3 ቁጽሪ ገዛ ዝርከብ፡ ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ብቑጽሪ ውዕል 8317 ብዕለት 07/11/2024 ዓ.ም ብስም ሳልሕ ያሲን ከሊፋ + 7 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ፡ ብውህብቶ ክመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዩ ዞባ ማእከልን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ሕጋዊ ወኪል ኣሕመዲን ዒሳ ኣሕመዲን

---

ኣመልካቲ፡ ኣቶ ኒጎ ሓድግንበስ

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ን/ዞባ ከተማ ኣቑርደት ምም/ 02 ትካል ቤት ማስተ ፋና ኣብ 250 ት/ሜ ዝተደኮነ 2 ቀንዲ ክፍሊ ብስም ወላዲትና ነ/ሄራት መሾ ኪዳነ ሃይለ ዝተመዝገበ ምስ ሓወይ ብወርሲ ዝረኸብናዮ ብጽሒተይ ናብ ስመይ ክሲጋገር ስለ ዝኾንኩ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተነይሩ ውሳነ ሒዙ ኣብ ክፍሊ ቴክኒክ ምም/ ን/ዞባ ኣቑርደት ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘሎኒ መተእማመኒ ኦርጂናል ሰነድ ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ርእሶም ሃይለ ሃብተሚካኤል

---

ኣመልካቲት ቅድስቲ ርእሶም ሰለሙን ዝተበሃልኩ፡ ብስም ወላዲና ነ/ሄር ርእሶም ሰለሙን ዝተመዝገበ ገዛ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ኣባሻውል ቁጽሪ ምስክር ኣባይቲ 113340 መወከሲ 123319/137210 ዝርከብ፡ ብስም ኣውራሲና ዝተመዝገበ ገዛ ASD 000 18408 ASP 000 20047 ብዘሎ 4 ሓገዝቲ 1 ዘጠቓለለ ናብ ስም ወረስቲ ማለት ቅድስቲ ርእሶም +2 ክመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤትፍርዲ መአገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተባህለሉ ውሳነ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታዩ ዞባ ማእከል ይቕረብ።

ቅድስቲ ርእሶም

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ምምሕዳር ከባቢ ማይ ጭሆት 1A199 ጎደና ካብሳ ቁ/ገዛ - 10 ፕሎት-4 ፓርሰል/ዞን - ASP00011819 ፓርሰል -5 ስፍሓት መሬት - 116.62 ት/ሜትሮ ተራ ገዛ 4 ቀንዲ ክፍልታት፡ 3 ተሓጋገዝቲ ገዛ ብመለለዩኡ ቁ/ንብረት 52698/87368 ሕጂ መለለዩ ቁጽሪ ንብረት 1/01639 ብስም ተስፋልደት ገበየ ሃይሉን ትርሓስ ኣረፋይነ መኾታን ዝተመዝገበ፡ ብዋንኡየም ዝረኸብናዮ ናብ ስምና ከሲጋገር ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተነይሩ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተራልን ቤ/ጽ ኖታዮን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ በዚ ሒዝናዮ ዘለና ኦርጂናል ሰነዳት ጉዳይና ክንውድእ ምዃንና ንሕብር።

ኣመልካቲት፡ ወ/ት የርሳሌም ተስፋልደት ገበየ
ኣቶ ናትናኤል ተስፋልደት ገበየ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጸጸራት ቤት መኻእ ኣብ ዞን 1 ብሎክ 38 ፓርሰል B ዝርከብ መ/ቁ/ካርታ A2440-13 ዝተመዝገበ ዝምልከት ናይ ዝፈጸምኩዎ ውዕል መኾጣ መንበሪ ገዛ ኦርጂናል ሰነድ ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሐዚዎ ዝበል እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፣ ብቑጽሪ ቴለፎን 07122716 ክረክበኒ፡ እንተዘይረኺበ፡ ብዘሎኒ ሰነድ ጉዳይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ተወልደ ካሕሳይ ንጉሰ

---


## መድረኽ ማእከል ሞያዊ ስልጠና

ከምቲ ልሙድ ክህቦ ዝጸንሐ ኣገልግሎት ሕጂውን ንኹሎም ሞያዊ ስልጠና ዝደልዩ ኣብ ዘዝጥዕሞም ጊዜን ሰዓትን ኣብዚም ዝስዕቡ ኮርሳት ስልጠና ቀጺሉ ከምዘሎ ይሕብር።

### ሀ. ዘለውና ሞያዊ ስልጠናታት (Courses)

| | |
|---|---|
| ➢ ትምህርቲ ኮምፒተር | ➢ ግራፊክስ |
| ➢ ኤሌክትሮኒክስ | ➢ ቪድዮ ኤዲቲን |
| ➢ ጽገና ኮምፒተር | ➢ ጽገና ሞባይል |
| ➢ ካሜራ ሹቲን | ➢ Principle of Accounting + Peachtree Software |
| ➢ ኣውቶ ካድ | ➢ Peachtree and Tally software |

### ብተወሳኺ፥

1. Electronics Level 2 and Level 3
2. Printer and Photocopier maintenance
3. Graphics Level 2 (Illustrator and in design)

፡ 2ን ልዕሊኡን ንዝማሃሩ ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ንገብር

፡ ንኹሎም ተማሃሮና ምትካል ድሽ ብነጻ ንምህር

ኣድራሻና፥ ንመጻዓዝያ ምቹእ ቦታ ኣብ ማእከል ከተማ ኣስመራ ድሕሪ ካርቱም ሆቴል ፊት ራካ ሬስቶራንት።

ቴሌ. 112244/07204551/07218432

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ መሴ ተኽለ ጉብረስላሴ፡ ሓወቦይ ዓንደብርሃን ጉብረስላሴ ተስፋሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ንሕና ደቂ ሓውን ደቂ ሓፍቱን ዝኾንና 1. ኣፍ/ር ተኽለ ጉብረስላሴ ተተካኢ 1 ወዱ 2. ኣፍ/ሃብተ ጉብረስላሴ ተተካኢት 1 ጓሉ ኣፍ/ክፍሉ ጉብረስላሴ ተተካኢት 1 ጓሉ ኣፍ/ሄራት ምሕረት ጉብረስላሴ ተተካኢት 1 ጓላ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ/47 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣቶ ሰመረ ጉብረማርያም ኣሰረት፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ደሃብ በርህ ካሕሳይ ናይ ኣጦት ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ን2/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክርኣ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዱባርዋ

ኣቶ ተኽለሚካኤል ክፍለ ተላ፡ ሓፍተይ ጺጋ ክፍለ ተላ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 22/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ መንግስትኣብ ተኽለገርግሽ ሃብተ፡ ኣቦይ ተኽለገርግሽ ሃብተ ስእለ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 24/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲ ኣቶ ብርሃ ጸጋዩ ጉብረመሴ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣስመሮም የማን ኣስገዶም፡ ኣብ ልዕለኹ ቁ/ሞተረ 2L-3543287 ቁጽሪ ታርጋ ኢ-ኣር 2-00906 ናይ ስም መኪና ከመሓላለፈለይ ኢሉ ክሲ ስለ ዘቕረበ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ተኽኣ ወልዳይ፡ ብዓል ቤተይ ነብይ ሰለሙን ጉብሩ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ደቅና ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 13/02/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ወ/ሮ ጸሃይ ሃንስ ብርሃነ፡ ብዓል ቤተይ ኣፈወርቂ ገብረማርያም ደሞዝ ስለዝተሰውአ፡ ኣነ ምስ 11 ደቅና ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 2/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ራሄል ሃይለ ተወልደ ምግል ተሪፉ ራሄል ጉብረየውሃንስ ታሪረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/25 ኣብ ቤ/ ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ተሰነይ ቁ.ገዛ 32 ብቁ.ፍቓድ ዋኒን ASL00034611 ናይ jH3- ማስርሕን መሸጢ ሼትሮን ትካለዩ፡ ንወ/ሮ ኣድያም ተስፋሚካኤል ወ/ገርጊሽ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ገጀረት ጎደና ዶጋሊ ቁ.ገዛ 12 ብዕለት 14/11/2019 ብ ቁ.መዝገብ 320/2019 ብወህብቶ ስለዝሃብኩዋ፡ ብስም ወሃቢት ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓወምኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወሃብቶ ተረካቢት ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ፡፡

ጸሃይቱ በየነ ሃማርያም

---

### ምልክታ

ብዕለት 24/10/2024 ኣባላት ኣፍሪይቲ ኣሕምልትን ፍረታትን ዞባ ደቡብ ናይ ብርኪ ማሕበር ኣብ ዝተረኸቡሉ ዘይስሩዕ ኣኼባ ናይ ቦርድ ምቅይያር ክገብሩ ስለዝወሰኑ፡ በዚ ውሳነ መሰረት

1. ኣቶ ጉብረሂወት ማስፍን ኪዳነ
2. ኣቶ ሳሙኤል ኣማኑኤል
3. ኣቶ ነጋሲ ተስፋሚካኤል ሓደራሚካኤል
4. ኣቶ ሃብተ ግርማይ ተስፋማርያም
5. ኣቶ መንግስትኣብ ብርሃ ምስጉን

ኣባላት ቦርድ ኮይኖም ክገልግሉ ተመሪጾም ኣለው፡፡
ኣፍሪይቲ ኣሕምልትን ፍረታትን ዞባ ደቡብ ናይ ብርኪ ማሕበር

---

ኣብ መንጎ ኣካራያይ ማዘምስ ኣስካለ ዑቕባሚካኤል፡ ተኻራያይ ተስፋልደት ግርማይ ኣድሓኖም ብ ቁ.ፍ. ዋኒን ASL00041826 ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ባንዳ ጎደና ሳሕል ቁ.ገዛ ዝተመዝገበ ናይ መሸጢ መቀያየሪ ኣቑሑት መኪናን ጋራጅን ንግዳዊ ንጥፈት፡ ካብ ዕለት 04/11/2024 ጀሚሩ ከም ዝተቛረጸ እናሓበርና፣ ዝቃወም ኣካል ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ናብ ዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ከቋረጽ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

ጨ/ቤ/ጽ/ንግድን/ምዝገባን

---

ኣቶ ሕሩይ ጉብረማስቀል ሓጎስ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ መሸጢ እንጀራን ሽሮን ካልእ ተመሳሳሊ ፍርያትን ንግዳዊ ትካሎም "መክሊት መሸጢ እንጀራን ሽሮን ዕሹግ ቀመማትን" (MEKLIT SALES OF ENJERA, SHIRO @ OTHER SIMILAR PRODUCTS) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለ ዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሻጣዊ ንግዲ

---

ኣቶ ኣማኑኤል ሃይለ ተስፋይ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ምጽራይን ምስላጥን ንግዳዊ ትካሎም " ኮራል ምጽራይን ምስላጥን" (CORAL CLEARING @ FORWARDING) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሻጣዊ ንግዲ

---

### NOTICE

SKARGI Africa Engineering & Construction ltd, In the extra ordinary meeting of the board of Directors held on 17th October 2024, it was resolved hereby notify the public that Mr. GODSON KWABENA ALIGAH is appointed as a Branch Manager of the Company in Eritrea by replacing Mrs. Selamawit Ghebreigziabiher Ghebreslassie.

***SKARGI Africa Engineering & Construction ltd***

---

### ምስጋና



ብሃንደበታዊ ዕረፍቲ ክብርቲ ብዓልቲቤተይ መምህር ጽገሃና ሃብቶም ነጋሲ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ሕምብርቲ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛ ብምምልላስ ዘጸናናዕኩምና ቤተሰብ ፈተውቲን መሳርሕትን፡ ካብ ውሽጢ ዓዲን ካብ ወጻኢ ሃገርን ብተለፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልኩ ምስጋናይ የቕርብ፡፡

ብዓል ቤታ፡ ያቆብ ብርሃ ኣስገዶም
ደቃ፡ ናህም ማኑኤላ ቤትኤልን ስምኦንን
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

---

ኣነ ኣመልካቲ ኣብ ኣስመራ ዞባ 2 ምም.04 ጎደና ሸዋ ቁጽሪ ገዛ 38 ቁጽሪ ሎታ 17 ቁጽሪ ፓርቸላ E ኣብ 315.087 ዝተደኮነ ቪላ ገዛ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 105179 መወከሲ ቁጽሪ 103014 ዝተመዝገበ ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣኒ፡ መተካእታኡ ከውጽእ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ወይ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ኮሚሽን ኣባይትን እንተዘየምጺኡ ሓዳሽ መተካእታ ክሓትትን ክወስድን ምኻነይ ብትሕትና እሕብር፡፡

ኣመልካቲ ኣቶ ብርሃኑ ሰዒድ መሓመደበሽር

---

ኣቶ ዮናስ ሰለሙን ኣፈወርቂ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ቪድዮ ምቕራጽን ደምጺ ምምላእን ንግዳዊ ትካሎም "ዮናን ቪድዮ ምቕራጽን ደምጺ ምምላእን" (YONAN FILM PRODUCTION) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል  እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሻጣዊ ንግዲ

---

ኣመልካቲ ተባሂለ ኣብ ላዕሊ ስመይ ተጠቒሰ ዘለኹ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዘባንዳ ጎደና 191 ፕሎት 94 ፓርሰል D ቁ. ገዛ ዝርከብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁ. ንብረት 1፡001116 ብዕለት 06/08/2004 ብስም ኣቦይ ኣፍ/ክፍለ ተስፋዝጊ ጉብረማርያም ተመዝጊቡ ዋንኡ ዝተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ስም ዋንነት ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት መአገዲ ሐዙ ናብ ቤ/ጽ ካዳስተርን ፓብሊክን ኖታርን ይቕረብ፡፡

ዞካርያስ ዓብዱሰላም ሓሰን

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ዒላብርዕድ ሓውሲ ከተማ ኤደን 01 ዝርከብ ትካል ቤት ማስተ (ባር)፣ ብስም ወ/ሮ ዝፋን ጸጋዩ ካሕሳይ ዝተመዝገበ፡ ካብ 12/11/24 – 12/11/2031 ንኣቶ ተስፋልደት ብርሃ ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ጨንፈር ንግዲ ዞባ ዓንሰባ ይቕረብ፡፡

ተስፋልደት ብርሃ

---

ኣመልካቲ ጀማል ዓብዱ መሓመድ እተበሃልኩ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ከብ. ምም/ኣኽርያ ፕሎት 70 ቁ.ፓርሰል ዞን ASP00004202 ፓርሰል F1 ዚፕ 1A159 ጎደና 159.38 ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣብ 100 ት/ሜተር እተደኮነ ገዛ፡ ስርሓት ህንጻ 79 ት/ሜ ቀንዲ 4 ሓገዝቲ 2 ዘለዎ ብመለለዪ ቁ. ንብረት 1.004714/1 ብስመይ ዋንኑ፡ እተረጋገጸ፥ ንወ/ሮ ጺጋይ ተስፋይ ጋርዛ ብዕለት 26/10/2024 እተጻሕፈ ሕጋዊ ውዕል ስለ ዝሸጥኩላ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ዓዳጊት ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ሐዙ ናብ ቤ/ጽ ኖታዮ ወይ ካዳስተር ምዝገባ ንብረት ይቕረብ፡፡ ምስ ዘይቀርብ ግን ዘድሊ ምትሕልላፍ ስም ዋንነት ክፍጽም ምኻነይ እሕብር፡፡

ጀማል ዓብዱ መሓመድ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ቀጺሉ

ሻምፕዮን ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዞባ ማእከል፡ ብቐድሚ ትማሊ ብሰለስተ ግጥማት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ቀጺሉ፡፡

ኣብ ፈለማ ሰምበልን ሓየሊ ኣየርን ክጻወታ እንከለዋ፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ ክገጥ ፈተነ ሸቶ ዘይተራእየ ጸወታ ኣካይደን፡፡

ድሕሪ ዕረፍቲ ግን፡ ሰምበል ኣብ መበል 67 ደቒቕ ካብ የናታን ሰመረኣብ መረሕኦት ዘትሓዘታ ሸቶ ኣመዝጊባ፡፡ እንተኾነ፡ ሓየሊ ኣየር ጸወታ ክዛዘም ውሑዳት ደቓይቕ ምስ ተረፉ፡ ብተኸታታሊ ኣብ መበል 91ን 95ን ደቓይቕ ካብ ኬቨን በረኸትን ሰራጅ መሓመድኖልሕን ብዘረኸበተን ሸቶታት ካብ ድሕሪት ተበጊሳ 2ብ1 ተዓዊታ፡፡ መመዓራረዪት ሸቶ ዘመዝገበ ኬቨን ከኣ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ፡፡

ካልኣይ ግጥም ናይቲ ዕለት፡ ኣብ መንጎ ኣስመራ በራን ማይተመናይን ዝተኻየደ ነይሩ፡፡ እዚ በራ ዓብለልቲ ዝርኣየትሉ ጸወታ፡ ኣብ ካልኣይቲ ደቒቕ ኣኩፋሊኣ ሚኪኤል ሃብተ ብኢጋኡ መራሕኦት ዘትሓዘታ ሸቶ ኣቑጺሩ፡፡ ቅድሚ ዕረፍቲ ምውጻኦም'ውን ኣብ መበል 31 ደቒቕ ሳዶር የማን ካልኣይቲ ሸቶ ወሲኹ፡፡

ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ማይ ተመናይ፡ ኣብ መበል 57 ደቒቕ ወጽኢት ዘጸበበት ሸቶ ኣቑጺራ ነይራ፡፡ ኣመዝጋቢ ናይዛ ሸቶ ድማ ኤቨን የናስ ነይሩ፡፡ እንተኾነ፡ በራ ድሕሪ ሓንቲ ደቒቕ ብመገዲ ዓብደልቃድር ኪያር ሸቶ ብምውሳኽ፡ 3ብ1 ተዓዊታ፡፡ ሚኪኤል ሃብተ ድማ፡ ብሉጽ ናይዚ ግጥም ተባሂሉ፡፡

ግጥም ጉዳይፍን ኣዱሊስን'ውን ኣካል እቲ ዕለት ነይሩ፡፡ ጉዳይፍ ኣብ ካልኣይቲ ደቒቕ ብመገዲ ድሌት ሓጎስ ብዘረኸበታ እንኮ ሸቶ ድማ 1ብ0 ተዓዊታ፡፡ ኣቦላ ቃና ሙልጌታ ከኣ ናይዚ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ፡፡

ራብዓይ ሰሙን ሻምፕዮን ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ'፡ ጽባሕ ሰንበት ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ክቕጽል እዩ፡፡ ሓየሊ ኣየር ምስ ኣዱሊስ፡ ኣስመራ በራ ምስ ኣልታሕረር ክፋለማ ምኻነን ድማ፡ ህዝባዊ ርክባት ናይቲ ፌደረሽን ሓቢሩ፡፡




ኬቨን በረኸት



ሚካኤል ሃብተ

## "ንጓርድዮላ፡ ዝኾነ ማዕዳ ኣይህቦን እየ" ኣንቸሎቲ



ኣንቸሎቲ



ጓርድዮላ

ዓሰልጣኒ ሪያል ማድሪድ ካርሎ ኣንቸሎቲ፡ ኣብዚ እዋን ሕማቕ ግዜ ኣብ ምሕላፍ ንዘርከብ ኣሰልጣኒ ማን ሲቲ ፔፕ ጓርድዮላ ዝሆነ ማዕዳ እንተሃልዩዎ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "ንሱ መሓዚ እዩ፡ ኣነ ዝሆነ ዝኾነ ምኽሪ የለን" ክብል ካብኡ ዝኾነ ማዕዶ ከምዘይደሊ ገሊጹ፡፡

ጓርድዮላ፡ ኣብ ታሪኽ ከንዑ እግሪ ሓደ ካብ ዝበለጸ ኣሰልጣኒ ምዃኑ ኣየጠራጥርን፡፡ እዚ ዕውት እስጳኛዊ ዓሰሚ፡ ኣብ ሲቲ ብርክት ዝበለ ዋንጫ ክዕትር እንከሎ፡ ናይ ዝሓለፉ ዓመታት ዓመተ-ስፖርት ኑቲ ሊግ ብምዕዋት ኩሉ ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ዘይፈልጥ ታሪኽ ኣጽሒፉ እዩ፡፡

ይኹን እምበር፡ ኣብዚ ወቕቲ ካብ ትጽበዮ ወጻኢ፡ ሕማቕ ወጽኢት ኣብ ምምዝጋብ ይርከብ፡፡ ፔፕ፡ ኣብ ዝሓለፉ 10 ዝተፈላለዩ ግጥማት፡ ሓንሳብ ጥራይ ክዕወት እንከሎ፡ ሸውዓተ ግዜ ተረቲዑ ክልተ ማዕረ ወጺኡ፡፡ በዚ ከኣ ኣብ ናይ ምስልጣን ጉዕዞኡ እቲ ዝኸፍኤ ግዜ ኣብ ምሕላፍ ይርከብ፡፡

ኣንቸሎቲ፡ ትማሊ ዃ ኣብ ዝተፈላለዩ ግጥማት ዝተኻፈሮ ኣሰልጣኒ ዝሆነ ምኽሪ እንተሃልዩ ኣብ ዝተሓተተሉ "ኢይፋል ዝኾነ ምኽሪ ኣይህቦን እዩ፡፡ ብሰንኪ እዚ ናይ መውዳእታ ወጽኢት ጋንታኡ ዝሆነ ርእይቶ፡ ንዕኡ ኣይቕይሮን እዩ፡፡ ንሱ፡ ለውጢ ዘምጽእ መሓዚ እዩ፡፡ ንሕና ከም ኣሰልጠንቲ ብዙሕ ነገር ክንቀጻጸሮ ንኽእል ኢና፡፡ ወጽኢት ጸወታ ግን ክንቀጻጸሮ ኣይንኽእል ኢና፡፡" ክብል፡ ወጽኢት ካብ ኢደም ወጻኢ ብምዃኑ ዝዑብርም ከምዘይብሎም ገሊጹ፡፡

ብዙሓ ጥዑና ተጻወትቱ'ውን ዝተዛረበ እዚ ኢጣልያዊ፡ ኣብ ተሃድሶ ዝቖጸ ኣደዋርዱ ካማቫንጋ ንናይ ሎሚ ጸወታ ድሉው ምህላው ሓቢሩ፡፡ እዚ ፈረንሳዊ ኣኩፋሊ፡ ኣብቲ ብሊቨርፑል 2ብ0 ዝተሰዓሩሉ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጸወታ እዩ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ፡፡

ብዘይካዚ፡ ኣንቸሎቲ፡ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ታሕሳስ ሰሪ ዘጋጠሞ ከቢድ መጉዳእቲ ንዓመት ምሉእ ካብ ጸወታ ተኣልዩ ዝጸንሐ ዳቪድ ኣላባ'ውን ናብ ጸወታ ክምለስ ተቓሪቡ ምህላዉ ሓቢሩ፡፡ ከይላን ምባፐ፡ ሎሚ ከምዘይሰልፍ ዘፍለጠ እዚ ዓሰሚ፡ ኣብ ዶሓ ቀጠር ግን፡ ምስኦም ከምዝገሽድ ኣረጋጊጹ፡፡ ማድሪድ፡ ኣብቲ ዝመጽእ ረቡዕ ዝገብር ናይ ፈለማ ውድድር 'ፊፋ ኢንተርኮንቲነንታል ካፕ' ጸወታ፡ ድሕሪ ምስ እትፍለጥ ጋንታ ናይ ዋንጫ ግጥም ከተካይድ እያ፡፡

## ጓርድዮላ፡ ኣብ ልዕሊ ዎከር ንዝወረደ ዓሌታዊ ኣድልዎ ይዅንን

ኣሰልጣኒ ማን ሲቲ ፔፕ ጓርድዮላ፡ ኣብ ልዕሊ ሓለቓ ጋንታኡ ከይል ዎከር ዝወረደ ዓሌታዊ ኣድልዎ፡ ዘይቅቡል ምዃኑ ገሊጹ፡፡

ዎከር፡ ድሕሪቲ ብጁቬንቱስ ዝወረዶም ናይ 2ብ0 ስዕረት ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ብቐድሚ ትማሊ ሓሙሱ ስሙ ብዝተጠቐሰ ሕሳብ ማሕበራዊ መራኸቢ፡ ናይ ጸየፍ ዓሌታዊ ጸርፊ ኣድልዎ ከምዝወረዶ ኑቲ ጽሑፍ ባዕሉ ዘርግሐዎ ነይሩ፡፡

ማን ሲቲን ዎከርን ዝ ጉዳይ'ዚ ዘኹሉዎ ኩይናም፡ ጓርድዮላ ትማሊ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ "ዘይቅቡል እዩ፡፡ ዎከር ስለዝኾነ ጥራይ ዘይኮነ ንኹሉ ሰብ ፍጹም ዘይቅቡል እዩ፡፡ ዕድል ኣይገበርናን፡ ኣብ ኩሉ ክፋል ሕብረተሰብ እዩ ዘጋጥም ዘሎ፡፡" ክብል፡ ንዎከር ምሉእ ደገፍ ከምዝሀቡዎ ገሊጹ፡፡



ኣብ ዝተፈላለዩ ሊጋት ኤውሮጳ ኣብ ሜዳን ካብ ሜዳ ወጻኢን ናብ ጸለምቲ ተጻወትቲ ዝቐንዐ ዓሌታዊ ኣድልዎ ምርኣይ ልሙድ ምዃኑ ይፍለጥ፡፡

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ**

ኣርሰናል - ኤቨርተን 6፡00 ድ:ቀ

ዎልቭስ - ኢፕስዊች 6፡00 ድ:ቀ

ኒውካስል - ሌስተር ሲቲ 6፡00 ድ:ቀ

ሊቨርፑል - ፉልሃም 6፡00 ድ:ቀ

ኖቲንግሃም - ኣስቶን ቪላ 8፡30 ድ:ቀ

**ላሊጋ**

ራዮ ቫየካኖ - ማድሪድ 11፡00 ድ:ቀ

**ቡንደስሊጋ**

ማይንዝ - ባየር ሙኒክ 5፡30 ድ:ቀ

**ሰሪኣ**

ኡዲኒዜ - ናፖሊ 8፡00 ድ:ቀ

ጁቬንቱስ - ቬኒዚያ 10፡45 ድ:ቀ

**ጽባሕ**

ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ'

ሓየሊ ኣየር - ኣዱሊስ 1፡30 ድ:ቀ

ኣስመራ በራ - ኣልታሕሪር 3፡30 ድ:ቀ

**ፕሪመር ሊግ**

ብራይተን - ክሪስታል ፓላስ 5፡00 ድ:ቀ

ማን ሲቲ - ማን ዩናይትድ 7፡30 ድ:ቀ

ሳውዝሃምፕተን - ቶተንሃም 10፡00 ድ:ቀ

ቸልሲ - ብረንትፎርድ 10፡00 ድ:ቀ

**ላሊጋ**

ኣትሌቲኮ ማድሪድ - ገታፈ 4፡00 ድ:ቀ

ባርሴሎና - ሌጋነስ 11፡00 ድ:ቀ

**ሰሪኣ**

ኮሞ - ሮማ 8፡00 ድ:ቀ

ኤሲ ሚላን - ጀኖኣ 10፡45 ድ:ቀ

ላዝዮ - ኢንተር ሚላን 10፡45 ድ:ቀ

**ሊግ 1 ፈረንሳ**

ፒኤስጂ - ሊዮን 10፡45 ድ:ቀ

## ቅንጥብጣብ




* ተኸላኻሊ ኣርሰናል ጋብሪኤል ማጋሃላሱ ሎሚ ምስ ኤቨርተን ኣብ ዘካይድዎ ናይ ሊግ ግጥም ክሰለፍ ከምዝኽእል፡ ዓሰሚኡ ሚከል ኣርቴታ ገሊጹ፡፡ ካላፊዮሪ ግን፡ ዛጊት ድሉው የለን፡፡

* ጁድ በሊንግሃም፡ ናይ ወርሒ ሕዳር ዝበለጸ ተጻዋታይ ሪያል ማድሪድ ተባሂሉ - ብደገፍቲ እታ ጋንታ፡፡

ኣብዚ ወቕቲ ክሳብ ወርሒ ሕዳር ሸቶ ብዘይምምዝጋቡ ዝንቀፍ ዝነበረ እዚ እንግሊዛዊ፡ 9 ሕዳር ኣብ ልዕሊ ኦሳሱና ቀዳመይቲ ሸቶኡ ድሕሪ ምቑጻሩ ግን፡ ክሳብ እዚ ወርሒ ትሽዓተ ሸቶታት ኣመዝጊቡ ኣሎ፡፡

## ስሎት፡ ብሉጽ ኣሰልጣኒ 'ወርሒ ሕዳር' ተባሂሉ
### ሳላሕ፡ ምስ ጀራርድን ሮናልዶን ተመዓራርዩ



ስሎት



ሳላሕ

ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል ኣርን ስሎት፡ ብሉጽ ዓሰሚ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ወርሒ ሕዳር ተባሂሉ፡፡

ንሊቨርፑል መራሕኦት እዚ ሊግ ኣትሒዘዋ ዘሎ ስሎት፡ ኣብታ ወርሒ ካብ ዘካየዳ ሰለስተ ግጥማት፡ ንሰለስቲኡ ክዕወተሉ ክኢሉ እዩ፡፡ እታ እንኮ ክለብ ንኹሉ ጸወታታት ናይታ ወርሒ ዝተዓወተትሉ'ውን ኮይና - ሊቨርፑል፡፡

በዚ ከኣ ንዓሰሚ ዎልቭስ ጋሪ ኦኔልን ኣሰልጣኒ ብራይተን ፋቢያን ዞርዘለርን በሊጹ ናብዚ ሊግ ካብ ዝመጽእ ንፋልማይ ግዜኡ ተዓዊቱሉ፡፡ ስሎት፡ ራብዓይ ሆላንዳዊ ኣሰልጣኒ ነዛ ሽልማት ዝተዓወተላ ኮይኑ ይርከብ፡፡ ኣቐዲሞም፡ ማርቲን ጆል፡ ሮናልድ ኮማንን ኤሪክ ተን ሃግን ሰሞም ኣጽሒፎምላ ነይሮም፡፡

ኣጥቃዓይ እዛ ጋንታ ሞ ሳላሕ፡ ናይታ ወርሒ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ ብምሽላሙ፡ እዛ ወርሓዊት ሽልማት ብኽልተኡ መዳይ ናብ ስታድዩም ኣንፊልድ እያ ኣቕኒዓ፡፡ ንሻዱሻይ ግዜኡ ነዛ ሽልማት ዝተዓወተላ እዚ ግብጻዊ፡ ምስ ናይ ቅድም ተጻዋታይ እዛ ጋንታ ስቲቨን ጀራርድን ኣጥቃዓይ ማን ዩናይትድ ዝነበረ ክሪስቲያኖ ሮናልዶን ተመዓራርዩ ኣሎ፡፡ ሳላሕ፡ ድሕሪ ጥቅምቲ 2023 እዩ ንፈለማ ግዜ ነዛ ሽልማት ተዓዊቱላ፡፡

## ማን ሲቲ፡ 1.33 ቢልዮን ፓውንድ ኣታዊ ረኺባ

ሊድያ በረኸት

እንግሊዛዊት ክለብ ማንቸስተር ሲቲ፡ ኣብ ዝሓለፈ 12 ኣዋርሕ ናይ ገዛእ ርእሳ ክብረ-ወሰን ዝሰበረ 1.33 ቢልዮን ኮይኑ፡ እዚ መሰርሕ ኣብ ዓለም እቲ ዝዓበየ ጠሞተ ዝዋገረሉ እዩ፡፡

ሲቲ፡ በዚ ረኺብዎ ዘሎ ኣታዊ ንማን.ዩናይትድ ኣኺቲላ፡ ድሕሪ ማድሪድ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ተሰሪዓ



ፓውንድ ኣታዊ ብምርካቡ፡ ንማን ዩናይትድ በሊጻ ጸቢላ ኢላ፡ እዛ ኣብ ታሪኽ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ኣከታቲላ ኣርባዕተ ጸዋእ ዝጨበጠት ክለብ፡ ኣታዊታታ ካብ 2.2 ሚልዮን ፓውንድ ናብ 715 ሚልዮን ፓውንድ ክብ ከም ዝበለ ተፈሊጡ፡፡ ካብዚ እቲ 73.8 ሚልዮን ፓውንድ መኽሰብ (ትርፊ) ምዃኑ ይንገር፡፡

እዛ ብፔፕ ጓርድዮላ እትእለ ክለብ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዘረኸበቶ እቶት ዝተሓተ እኳ እንተ ነበረ፡ ብዘረኸበቶም ብርቂ ዝኾኑ ዓወታት እዚ ቁጽሪ ክብ ክበል ግዜ ኣይወሰደሉን፡፡ ማን ሲቲ፡ ብመሸጣ ተጻወትቲ ልዕሊ 139 ሚልዮን ፓውንድ ኣታዊ ከምዝዘበረት ዝገለጸ ትርከብ፡፡ ማን.ዩናይትድ'ውን ሓንቲ ካብ'ተን ዝዓበየ ኣታዊ ዘለወን ክለባት ኮይና፡ ካብ 2019 ኣትሒዛ ግን፡ ካብ ትጉብርም መወዳወዲታት ዝኾነ መኽሰብ ዛጊት ክትረክብ ኣይከኣለትን፡፡ እቲ ዝሶብተመ ሰብ ኣብ እንግሊዝ ሰር ጂሚ ራትክሊፍን ኢ.ዃኦስ ናይ ከሚካላዊ ጉጅለን ምስ ኦልትራፎርድ ብኸርክሱት ክሰርሑ ካብ ዝጀምሩ፡ ኣብዛ ክለብ ንመወዳወዲ ዝገበሩ ወጻኢታት ብምጉዳሉን ዋጋ ትኬት ብምኽባርምን ጠንቂ ምንቅልቓል እቶት ናይ'ዛ ጋንታ ከይኮነ ኣይተርፍን'ዩ ዝበሉ ወገናት ኣለው፡፡ ብሓፈሻ ክለባት ዓለም፡ ዝጠዘለ ኣታዊታተን ካብ ምውዕዋዕ ከምዝረኽባ ይፍለጥ፡፡

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ‘እስራኤል፡ መደበራት ኑክሌር ኢራን ንምድብዳብ ትዳሎ ኣላ’ ተባሂሉ



ሓይሊ ኣየር እስራኤል፡ ኣብ ልዕሊ ኑክሌሳዊ መሳለጥያታት ኢራን መጥቃዕቲ ንምፍጻም ይዳሎ ከምዘሎ፡ ኣብታ ሃገር እትሕተም ‘ታይምስ ኦፍ ኢስራኤል’ ዝተባህለት ጋዜጣ ሓቢራ።

እታ ጋዜጣ ንላዕለዎት ሰብኡመዚ ሰራዊት እስራኤል ብምውካስ ኣብ ዝዘርገሐቶ ሓበሬታ፡ ምስ ምውዳቕ መንግስቲ ሶርያ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ተኸሲቱ ዘሎ ሓድሽ ኩነታት፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ መደበራት ኑክሌር ኢራን ንኽትድብድብ ዘበለጸ ዕድል ፈጢሩ ምህላዉ ገሊጹ።

ብመሰረት እታ ጋዜጣ፡ ምድኻም ሕዝቦላህን ሃንደበታዊ ምውዳቕ መንግስቲ ሶርያን፡ ንወተሃደራዊ ህላወን ጽልዋን ኢራን ኣብቲ ዞባ ኣዳኺሙዎ ምህላዉ’የም መራሕቲ እስራኤል ዝኣምኑ።

እዚ ከኣ፡ ኢራን ኣቶማዊ ኣጽዋር ናይ ምምዕባል መደባ ንኽትቀላጥፎ ድፍኢት ክፈጥረላ ከምዝኽእል እስራኤል ስለእትኣምን፡ ቅድሚ ወናኒት ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ምዃና ነቲ መደበራት ብደብዳብ ኬፈርቲ ከተዕኑዎ ወሲና ከምዝካ ጸብጺባ ጋዜጣ የመልክት።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ እስራኤል ሎሚ-ቅነ ንዝበዝሕ መከላኸሊ ኣየር ሶርያ ብደብዳብ ነፈርቲ ብምዕናው፡ ኣንጻር ኢራን ወተሃደራዊ ስርሒት ንምክያድ መንገዲ ጸሪጋ ከምዘላ ይሕብር ኣሎ።

ውድቐት ስርዓት ባሻር ኣል-ኣሳድ፡ እስራኤል ኣብ ሶርያ ከም ድላያ ክትዕንድር ርሒብ ባብ ኣርሒቑላ ከምዘሎ’ዩ ዝግለጽ።

በቲ ዛጊት ኣብ ኣማኢት ወተሃደራዊ ዒላማታት ሶርያ ኣካይዳቶ ዘላ ደብዳባት፡ ልዕሊ 80% ካብ ጠቕላላ ስትራተጂያዊ ኣጽዋር ሶርያ ዓኒዩ ከምዘሎ እስራኤል ትሕብር።

ኣብ ኣመሪካ እትሕተም ጋዜጣ ‘ዎል ስትሪት ጆርናል’ ድማ፡ ዶናልድ ትራምፕ እውን ናብ ስልጣን ምስ ደየበ፡ ኣብ ልዕሊ መሳለጥያታት ኑክሌር ኢራን ክይተረፈ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ንምፍጻም ይሓስቡ ከምዘለዉ ንእሙናት ምንጪታታ ብምጥቃስ ሓቢራ።

ብኻልእ ወገኑ፡ ካብ ሶርያ ድሕሪ ምህዳሙ ኣብ ሞስኮ ተዓቒቡ ዝርከብ ባሻር ኣል-ኣሳድ፡ ዜማት ሩስያ ክወሃቦን ኣብ ዳግመ-ህንጸት ብኩናት ዝዓነዋ ከተማታት ዞባ ደንባስ እጃሙ ከበርክትን ሓደ ላዕለዋይ ኣባል ባይቶ ሩስያ ጸዊዑ።

እቲ ዲሚትሪ ኩዝነትሶቭ ዝተባህለ ፍሉጥ ፖለቲከኛ ኣብዚ ሰሙን’ዚ ንጋዜጣ ሩስያ (Gazeta.Ru) ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣል-ኣሳድን ስድራቤቱን ብፍላይ ኣብ ዳግመ-ህንጸት እታ ብኩናት ዩክሬን ዝዓነወት ከተማ ማሪዩፖል እንተ ተሓጊዞም፡ እታ ከተማ ቀዋሚት መንበሪኦም ክትከውን ከም እትኽእል ኣተንቢሁ።

## “ኣፍሪቃ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ቀወምቲ መናብር ክትሕዝ’ያ” ኣንቶንዮ ጉተረዝ

ኣፍሪቃ፡ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክልተ ቀወምቲ መናብር ከምእትረኽብ ከዙበር ምኻኑ፡ ዋና ጸሓፊ ናይቲ ውድብ ኣንቶንዮ ጉተረዝ ኣፍሊጦ።

ንሱ ነዚ ዘፍለጦ ኣብዚ ሰሙን’ዚ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ እዩ።

“ኣነ ክሳብ መወዳእታ 2026 ኣብ ስልጣን ኣለኹ። ቅድሚ ካብ ስልጣን ምውራደይ ከኣ ኣፍሪቃ ኣብቲ ባይቶ ቀወምቲ መናብር ከምዝህልዋ ከረጋግጽ እየ። እዛ ኣህጉር ቀዋሚት ኣባል ባይቶ ጸጥታ ኩይና ብዓይነይ ክይረኣኹ ካብ ስልጣን ኣይክወርድን እየ” ብምባል ድማ ወሲኹ ሓቢሩ።

ጉተረዝ ኣብ መግለጺኡ፡ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ሓሙሽተ ቀወምቲ መናብር ሐዚን ዘለዋ ሓያላን ሃገራት (ሕ.መ.ኣመሪካ፡ ቻይና፡ ሩስያ፡ ብሪጣንያን ፈረንሳን)፡ ክልተ ተወሰኽቲ ቀወምቲ መናብር ንሃገራት ኣፍሪቃ ክወሃብ ተቓውሞ ከምዘይብለን’ውን ኣረጋጊጹ።

ንሓ5 ሃገራት ዝሓቖፍ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ቀዋሚ መንበር ንምርካብ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ክሓትት ምጸንሑ ይፍለጥ።

ባይቶ ጸጥታ፡ እንተላይ ኣብ ክልተ ዓመት ዝቕየሩ 10 ዘይቀወምቲ ኣባላት (ሃገራት) ዝሓቖፈ’ኳ እንተኾነ፡ እተን ኣብ ኣህጉራዊ ጉዳያት ቀንዲ ወሳኒት ዝኾኑ ግን - እተን ናይ ቀውፊ ስልጣን ዘለወን ሓሙሽተ ቀወምቲ ሃገራት እየን።

ካብ 2022 ጀሚሩ ንኻልኣይ እብረ ኣብ ስልጣን ዝቐጸለ ዘሎ ኣንቶንዮ ጉተረዝ፡ መዘኑ ኣብ ታሕሳስ 2026 ከብቅዕ ምዃኑ’ዩ ዝግለጽ።



ኣፍሪቃ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ክልተ ቀወምቲ መናብር ምስ ዝፍቀዳ ዝዓበየ ቁጠባ ዘውንና ሰለስተ ሃገራት ናይዚ ኣህጉር (ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ግብጺን ናይጀርያን) ክውከላ ከምዝኽእላ ጸብጺቡ የመልክት።

## ዶናልድ ትራምፕ፡ ሰራዊት ዓቃብ-ሰላም ናብ ዩክሬን ክኣቱ ይደሊ

ዳግማይ ፕረዚደንት ኣመሪካ ንምዃን ተመሪጹ ዘሎ ዶናልድ ትራምፕ፡ ሃገራት ሕብረት-ኤውሮጳ ኣብ ተልእኾ ምዕቃብ ሰላም ዝዋፈራ ወተሃደራት ናብ ዩክሬን ክልእኻ ዘኽእል እማመ ኣቕሪቡ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ጋዜጣ ‘ዎል ስትሪት ጆርናል’ ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ ትራምፕ ዝሓለፈ ቀዳም ምስ መራሕቲ ፈረንሳን ዩክሬንን ኣብ ፓሪስ ኣብ ዝገበሮ ርክብ ኤውሮጳ ነቲ ኣብ መንጎ ሩስያን ዩክሬንን ዝበጽሕ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ኣብ ባይታ ክትከታተሎ ዝግብኣ ሓላፍነት ኣለዋ” ከምዝበለ ጸብጺቡ።

ትራምፕ፡ ኣብቲ ተልእኾ ምዕቃብ ሰላም ወተሃደራት ኣመሪካ ከምዘይሳተፉ ከምዝገለጸ ድማ እታ ጋዜጣ ወሲኻ ኣመልኪታ።



ዝመጽእ 20 ጥሪ ካብ ፕረዚደንት ጆ ባይደን ስልጣን ንምርካብ ዝዳሎ ዘሎ ዶናልድ ትራምፕ፡ ነቲ ህይወት 10ታት ኣሽሓት ቀዚፉ ዘሎ ደማዊ ኲናት ዩክሬን - ሩስያ ብሓደ መዓልቲ ደው ከብሎ ምዃኑ’ዩ ዝገልጽ ዘሎ።


ይኹን’ምበር ፖላንድ ዝ. ብትራምፕ ተዳልዩ ዘሎ እማመ ኣመልኪታ ኣብ ዝሃበቶ ምላሽ ወተሃደራታ ናብ ዩክሬን ንምልኣኽ መደብ ከምዘይብላ ኣፍሊጣ ኣላ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ኣባላት ኔቶ ዝኾና ሸዱሽተ ዓበይቲ ሃገራት ኤውሮጳ ነቲ ዩክሬን ብኣመራርሓ ናብ ዝምራሕ ወተሃደራዊ ኪዳን ንምጽንባር ዘቕረበቶ ዘሎ ወጥን ዝድግፍ ሰነድ ከምዝኸተማ ይገልጽ ኣሎ።

እተን ሃገራት (ብሪጣንያ፡ ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ ስጳኛ፡ ኢጣልያን ፖርቱጋልን) ወሲደንኦ ዘለዋ ስጉምቲ ግጭት ዩክሬን - ሩስያ ብሰላማዊ መገዲ ክፍታሕ ዝደፍእ ምዃኑ’ዩ ዝሕብር ዘሎ።

ሩስያ ነቲ ግጭት ንምኽራዝ ካብ እተቕርቦም ቅድመ-ኩነታት ሓደ ዩክሬን ናብ ኔቶ ናይ ምጽንባር መደብ ጠቕሊላ ክትቁርጽ ዝጠልብ ምዃኑ ይፍለጥ።

## “ኣመሪካውያን፡ 12 ዓመት ካብ ዕምሮም ብሕማም የሕልፉዎ” መጽናዕቲ



ኣመሪካውያን ዋላኳ ካብቶም ዝሓሹ ዕቤት ዘለዎም ህዝብታት ዓለም እንተኾኑ፡ ኣብ ሕማም ዘሕልፍዎ ግዜ ግን ካብ ናይ ኩሎም ካልኦት ህዝብታት ዓለም ዝዓዘዘ ከምዝኾነ ሓድሽ መጽናዕቲ ኣመልኪቱ።

በቲ መጽናዕቲ፡ ኣብ ሕ.መ.ኣመሪካ ዝነብሩ ሰባት፡ 12.4 ዓመታት ካብ ዕድሚኦም ብሕማም እናተሳቐዩ ከምዘሕልፍዎ እቲ ብማዮ ክሊኒክ ዝተኻየደ ዝዘርገሐ መጽናዕታዊ ወጽኢት ኣረጋጊጹ።

ብመሰረት እቲ መጽናዕቲ ከም ሕማማት ሱኳርን ብሓሸሽ ኣልክሆል ካልኦት ዘይመሓላለፍቲ ሕማማትን ኣብዚ ጥዕና ዜጋታት ኣመሪካ ኣሉታዊ ተራ ዝጻወቱ ዘለዉ ቀንዲ ረቛሒታት እዮም።

እዮም ተመራመርቲ ነቲ ወጽኢት ምስ ናይ ኣባላት ውድብ ጥዕና ዓለም ዝኾና 183 ሃገራት ድሕሪ ምጽጻርካ መረዳእታ ከረክቡ ከምዝኸኣሉ እዩ።

ኣብዚን ሃገራት ዝነብሩ ዜጋታት፡ ኣብ ምሉእ ዕምሮም ብሕማማት ዘሕልፍዎ ግዜ ብማእከላይ ንምግምት 9.6 ዓመታት ጥራይ ምዃኑ ክፍለጥ ተኻኢሉ።

ኣብ መወዳእታ እዮም ተመራመርቲ፡ እቲ ቀንዲ መፍትሒ ጥዕናን ሓጎስን ዘዓቢ ክኸውን ዘለዎ ረቛሒ ዕምሪ ዘይኮነ ‘ኣብ ዕምሪ ንዝነበር ዝጥዕና ግዜ ብሕማም ተሳቒዩ ዝሓልፍ ክኸውን ከምዘይብሉ ኣገዲሶም።

## ኤሎን መስክ፡ ጠቕላላ ሃብቱ 400 ቢልዮን ዶላር በጺሑ

ብደረጃ ዓለም ቀዳማይ ዝሃብተመ ሰብ ምዃኑ ዝንገረሉ ኤሎን መስክ፡ ጠቕላላ መጠን ሃብቱ 400 ቢልዮን ዶላር ከምዝሓለፈ ተሓቢሩ።

በዚ ከኣ እቲ ወዲ 53 ዓመት ብዓል-ሃብቲ፡ ኣብ ታሪኽ’ዛ ዓለም ልዕሊ 400 ቢልዮን ዶላር ሃብቲ ዘኻዕበተ ናይ ፈለማ ውልቀሰብ ክኸውን ብምብቃዑ፡ መዛረቢ ማዕከናት ዜና ዓለም ኮይኑ ኣሎ።

ብመሰረት መርበብ ሓበሬታ ‘ብሉምበርግ’፡ ኤሎን መስክ ኣብዚ እዋን መጠን ሃብቱ 447 ቢልዮን ዶላር በጺሑ ኣሎ።

ማስራቲ ኩባንያ ኣማዞን ዝኾነ ወዲ 60 ዓመት ጀፍ ቤዞስ ከኣ 249 ቢልዮን ዶላር ሃብቲ ብምኽዕባት ካልኣይ ኮይኑ ደድሕሪኡ ይስዕብ ኣሎ።

ወዲ 40 ዓመት ማርክ ዙከርበርግ ድማ፡ ብ224 ቢልዮን ዶላር ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ተሰሪዑ ይርከብ።

መስራቲ ሽውዓተ ዝተፈላለያ ኩባንያታት ምዃኑ ዝንገረሉ ኤሎን መስክ እቲ ዝዓበየ ምንጪ ሃብቱ - ልዕሊ 140 ሽሕ ሰራሕተኛታት ሒዙ ኣብ መፍረ ዝተፈላለያ ዘመናውያን ተሽከርከርቲ ዝጥፍ ደርማስ ኩባንያ ‘ቴስላ’ ከምዝኾነ ይሕበር።



እዚ ዜግነት ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣመሪካን ካናዳን ዘለዎ ፍሉጥ ቢልየነር ኣብ 2022 ነቲ ብቲዊተር ዝፍለጥ ዝነበረ ማሕበራዊ መራኸቢ ብ44 ቢልዮን ዶላር ምዕዳግ ኣይርስዕ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሰለማዊ | 14/12/2024 | ጎደና ሮራ መንሳዕ ቁ.ገዛ 19 ፊት ፋብሪካ ሚዛን ኢደሱ | 07463110 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services